
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.273 | ሓሙስ 16 ሓምለ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ውህለላ ከም ቁጠባዊ ኣምር





ገጽ 4
ምንቋት ህዝቢ ከም መናውሒ ዕምሪ ስልጣን

ገጽ 5
መንእሰያት ኣብ ወልፍን ሳዕቤናቱን ዘሎና መረዳእታ



ገጽ 11
ዙር ፈረንሳ - ቢንያም ግርማይ ኣትዩ፣ ፍሊፕሰን...




## ዓዲ ቐይሕ - ተራ ሕ/ሰብ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ተመጕሱ

ኣብ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ብ13ን 14ን ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም መደባት ትምህርቲ፡ ተራ ሕብረተሰብ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ተመጕሱ።

ኣብ ዝቐረበ ጸብጻባት፡ ከም ኣብ ምጽጋን ኣብያተ-ትምህርትን ምስራሕ ተወሳኺ ክፍልታትን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምትብባዕ መምህራን ዝነበሮ ኣበርክቶ፡ ኣብ ብቕዓት ትምህርቲ ጽቡቕ ውጽኢት ከምእተረኽበ ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኸኣ ትምህርቲ ናይ ኩሉ ደረጃታት ዝተገምገመሉ ርክብ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 መጠን ምሕላፍ ብማእከላይ ገምጋም ኣስታት 90 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ በሪሁ።



ሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ን/ዞባ መምህር በየነ ተስፋይ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ምዕሩይ ተሳታፍነት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንምርግጋጽ ኣተባቢዒ ስራሕ ከምእተዓመ፣ ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ዝርከብ ደቀኣንስትዮ ንምትብባዕ ልዕሊ 300 ሽሕ ናቕፋ ሓገዝ ከምእተገብረ፣ ድኻም ዝርአዩ ተመሃሮ ዝተገብረ ሓገዝት ድማ ወጽኢታዊ ከምዝነበረ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ሃብቴ ተስፉዝጊ ብወገኑ፡ እናበረኸ ዝመጽእ ዘሎ ተሳታፍነት ተመሃሮ ንምዕቃብን ናብ'ቲ ዝደለ ደረጃ ክብ ንምባሉን ምስ ኣመሓደርቲ ከባቢ ስሩዕ ርክባት ክካየድ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ጸበት ንምቅላል ናይ 2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ክስራሕ፣ ዝኣረገ መጽሓፍቲ ክውገን፣ ጽገና ዘድልየን ኣብያተ-ትምህርቲ ቀልጢፉ ክጽገና፣ ከምኡ'ውን ትሕተ-ቅርጺ ዘይተማልኣለን ቀዳምነት ክወሃባ ተላቢዩ።

ኣብ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ 2ይ ደረጃ ዘዘርግሓ 87 ትካላት ትምህርቲ ክህልዋ ከለዋ፡ ሎሚ ዓመት ንልዕሊ 17 ሽሕ ተመሃሮ ኣገልግሎት ክህባ ሓዲሮን።

## ዓለማዊ መዓልቲ ምውጋድ ፈስቱላ፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ባረንቱ ተኸቢሩ

ዓለማዊ መዓልቲ ምውጋድ ፈስቱላ፡ “ምሉእ ጥዕና መሰል'ዩ፣ ብሰንኪ ሕርሲ ዝስዕብ ፈስቱላ ንምውጋድ ሎሚ ንበገስ” ብዝብል ቴማ፡ ብ14 ሓምለ ብደረጃ ሃገር ኣብ ባረንቱ ተኸቢሩ።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ፍራንኮ ኩብባ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ገና ኣብ ገዛ ዝሓርሳ ኣደታት ስለዘለዋ፡ ብሰንኪ ሕርሲ ዝስዕብ ጥዕናዊ ጸገማት ንምውጋድ ሓያል ጻዕርን ድህሰሳን ክካየድ፣ ከምኡ'ውን ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ጉዳይ'ቲ ልምድታት ንምብራኽ ብዕቱብ ክሰራሕ ኣተሓሳሲቡ።

ግዚያዊ ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ዶ/ር ወልዱ የውሃንስ ብወገኑ፡ ጠንቅታት ፈስቱላን ሳዕቤናቱን ድሕሪ ምብራሁ፡ ካብ 2023 ክሳብ 2025 ናብ መወከሲ ሆስፒታል መንደፈራ ዝተላእካ 39 ደቀኣንስትዮ ዘድሊ ኣገልግሎት ሕክምና ክረኽባ ከምዝተኻኣላ ብምሕባር፡ ፈስቱላ ንምክልኻል ቀጻሊ ኅስንሳት ክካየድ፣ ናብ ደቀኣንስትዮ ዝቐንዐ ኣስተምህሮታት ክውደብ፣ ከምኡ'ውን መሳለጥያታት ኣገልግሎት ትካላት ጥዕና ክሰፍሕ ተላብዩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ፍርያምነት ኣቶ ኤፍሬም ዝብኣይን ወኪል ቤት-ጽሕፈት ማዕከን ህዝቢ ውድብ ሕቡራት ሃገራት (UN-FPA) ኣብ ኤርትራ ሰስተር የርዳኖስ መሓሪን ብወገኖም፡ ዓለማዊ መዓልቲ ፈስቱላ - ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ሓላፍነት ክወስድ እተዘኻኽር ዕለት ከምዝኾነት ብምጥቃስ፡ ማእከል ተሃድሶን ሕውየትን ፈስቱላ ንዝህቦ ዘሎ ኣገልግሎት መጒሶም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ኣብ መወዳእታ፡ ንሓደገኛነት ፈስቱላ ኣብ ህይወት ኣደ ከምኡ'ውን ኣብ ስድራ-ቤት ዝፈጥሮ ተጽዕኖ ቀሊል ከምዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ምሉእ ብምሉእ ንምውጋዱ፡ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት ምስ ሓለፍቲ ጥዕና ብምርድዳእ ክሳብ ምምሕዳራት ከባቢ ወሪዶም ዘድሊ ድህሰሳን መጽናዕትን ክካየዱ ጸዊዖ።

## ዓረዛ - ንስድራ ስዉኣት ገንዘባዊ ሓገዝ ተገይሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ፡ ተቐማጦ ሰለስተ ምምሕዳራት ከተማ ማይ-ድማን ቦርድ ሸዱሸተ ማሕበራት ገድልን ዘዋጽእዎ 168 ሽሕ ናቕፋ፡ ን42 ስድራ ስዉኣት ተኸፋፊሉ።

እዚ ብዋዕሳት ወገናት ዝተበርከተ ገንዘብ፡ ን14 ስድራ ስዉኣት ብመልክዕ ምጥያስ ንነፍሲ-ወከፈን 10 ሽሕ ናቕፋ፣ ን28 ካልኣት ስድራቤታት ድማ ሓሓደ ሽሕ ናቕፋ ሓገዝ ተመቓሪሖ።

ኣመሓዳሪ ከተማ ማይ-ድማ ኣቶ መሓሪ ኣልኣዛር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ህዝብን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት'ውን 160 ሽሕ ናቕፋ ብምውጻእ ንስድራ ስዉኣት ከምዝዓደሉ ብምዝካር፡ ምሕጋዝን ምጥያስን ስድራ ስዉኣት ናይ ኩሉ ዜጋ ሓላፍነት ስለዝኾነ ክሰዓብ ተላብዩ።



ንኣብነታዊ ተበግሶ ማሕበራት ገድልን ተቐማጦ ማይ-ድማን ዘመጎሰ ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዓረዛ ኣቶ መንግስ ዞሚካኤል ብወገኑ፡ እዚ ረዚን ትርጉም ዘለዎ ዕማም፡ ካልኣት ኣካላት'ውን ብውልቂ ይኹን ብማሕበር ክስዕብዎ ጸዊዑ።

ተቐማጦ ማይ-ድማ ብወገኖም፡ ካብ ሕድሪ ሰማእታት ዝዓቢ ዕማም ስለዘየለ፡ ዓቕሞም ዘፍቅዶ ኣበርክቶ ምግባርም ሕልናዊ ዕግበት ከምዝፈጠረሎም ሓቢሮም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዝኸደ 20 ሰዓ ነበርቲ ሓውሲ ከተማ ዓረዛ ዘዋጽእዎ 12 ሽሕ ናቕፋ ንሸዱሽተ ስድራ ስዉኣት ከምእተመቓርሐ ይፍለጥ።

ዜና

# ሓልሓል - ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ሕጊ ክብ ንምባል ኣስተምህሮ ተዋሂቡ





ኣብ ንኡስ ዞባ ሓልሓል፡ ኣብ ሕጊ ዘሎ ኣፍልጦ ክብ ንምባል፡ ንኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣባላት ሽማግለ ዕርቂ፡ ኣካባቢርቲ ዓድን ወከልቲ ህዝቢ ሽሞንተ ምምሕዳራት ከባቢን ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ኣብ ሓውሲ ከተማ ሓልሓልን መሉብሶን ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ምኽትል ተለንተ ጉብረትንሳኤ ብርሃ፡ ኣብ ምክልኻል ገበናትን ሓደጋታት ትራፊክን ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ሰላምን ጸጥታን ከባቢ ንኽውሓስ፡ ህዝቢ ምስ ፖሊስ ዝገብሮ ምትሕብባር ከዕዝዝ ብምልባው፡ ተራ ኮማዊ ፖሊስ ብቑሊል ከምዘይጥመት ኣገንዚቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ሕግን ድሕነትን ከባብን ዝተኮሩ ኣስተምህሮታትን ሰሚናራትን ኣነቓቓሕቲ ስለዝኾኑ፡ ብዝተወደበ መልክዕ ክሰሩሓሉ ምዃኖም ኣተሓሳሲቦም።

# ባጽዕ - ሞያውያን ዓይነ-ስዉራን፡ ልምዓታዊ ቦታታት በጺሖም

ኣብ ዝተፈላለያ ትካላት ዝሰርሑ ሞያውያን ዓይነ-ስዉራን፡ ካብ 11 ክሳብ 14 ሓምለ፡ ኣብ ልምዓታዊ፡ ታሪኻውን ቱሪዝማውን ቦታታት ከተማ ባጽዕ ዑደት ኣካይዶም።

ንሳቶም ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ብኣካል ኣብ'ቲ ቦታ ተረኺቦም ብክኢላታት መብርሂ እናተዋህቦም ዘካየድዎ ዑደት፡ ንዘበርዎም ስእለ-ኣእምሮ ዝያዳ ከምዘዕምቖልዎ ገሊጾም።

ብፍላይ ናብ ሓምላይ ደሴት ዝገበርዎ ናይ ባሕሪ ጉዕዞ፡ ጸጋታት ባሕሪ ሃገሮምን ብዙሕነቱን ንኽስተማቕሩ ከምዝሓገዞምን ፍሉይ ጦብላሕታ ከምዝሕደረሎምን ኣብሪሆም።

እቲ ተመኩሮ ብፍላይ ንዓይነ-ስዉራን መምህራን ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ዝጠቐሱ ዑደተኛታት፡ ብዙዕባ ታሪኻዊ፡ ልምዓታውን ቱሪዝማውን ጸጋታት ኤርትራ ንተመሃሮኦም ብቑዕ ፍልጠት ኣብ ምትሕልላፍ እወታዊ ግደ ከምዝህልዎ ኣገንዚቦም።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ንክፍሊ ንቕሓት ማለት ዳይሽን ብዓል-መዚ ወደባት ኤርትራ፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ፡ ጨንፈር ሃላሊ ዞባ ሰ/ቀ/ባ፡ ማሕበር ዓይነ-ስዉራን ከምኡ'ውን ካልኦት ውልቀ-ሰባት ንዝገበሩሎም ኣቀባብላን ንዝሃብዎም መብርሂን ኣመስጊኖም።

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣደም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ማእከል - ኣዛዚ ፖሊስ ትራፊክ ንመራሕቲ ኣውቶቡሳት ሰሚናር ኣካይዱ

ኣዛዚ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ሚጀር ሃብተ ጉብሩ፡ ንመራሕቲ ዓበይትን ንኣሽቱን ኣውቶቡሳት ኩባንያ መጎዓዝያ ሓራት፡ ኣብ ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ዘተኮረ ሰሚናር ብ10 ሓምለ ኣካይዱ።

ሳዕቤን ሓደጋታት ትራፊክ ኣብ ህይወት ዜጋታትን ቁጠባ ሃገርን ከቢድ ምዃኑ ዝሓበረ ሚጀር ሃብተ፡ ሕግታት ትራፊክ ብምኽባር ንምክልኻሉ ስለዝከኣል፡ መራሕቲ ዓበይቲ መካይን ብሓፈሻ ህዝቢ ዘመላልሳ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዕቱባት ክኾኑ ኣዘኻኺሩ።

ቀንዲ ጠንቂታት ዘጋጥሙ ሓደጋታት፡ ቀዳምነት ዘይምሃብ፡ ሓደገኛ ኣመራርሓ፡ ርሕቀትካ ዘይምሕላው፡ ብዘይ ኣገባብ ንድሕሪት ምምላስ፡ መስመርካ ዘይምሓዝን ንኣጋር ቀዳምነት ዘይምሃብን ከምዝጠቓልል ጠቒሱ ድማ፡ መራሕቲ ኣውቶቡሳት ኩባንያ መጎዓዝያ ሓራት - ድሕነቶምን ድሕነት ተሳፈርትን ንምሕላው ጥንቃቐታትን ሓላፍነታውያንን ክኾኑ ተላቢዩ።

ኣብ ካልኣይ ርብዒ ዓመት ናይ 2026 ንዝተራእየ ጥሕሰት ሕግታት ትራፊክ ብመንጽር ቀዳማይ ርብዒ ዓመት ኣነጻጺሩ ብኣሃዛት ዝተሰነየ መብርሂ ዝሃበ ሚጀር ሃብተ፡ ካብ'ቶም ዝተኸሱ እቶም 258 ብኣልኮላዊ መስተ ዝተሰነፉ፣ 48 ድማ መምርሒ ፍቓድ ዘይብሎም ምንባሮም ገሊጹ።

ሓላፊ ምቁጽጻርን መቕጻዕትን ኣቶ ኢሳቕ ያቆብ ብወገኑ፡ ኣብ ዘይፍቀደለን ንጥፈት ተዋፊረን ዝተረኽባ 26 ኮድ-1 መካይን፡ ክሳብ 130 ሽሕ ናቕፋ ዝበጽሕ ገንዘባዊ መቕጻዕትን ን3 ኣዋርሕ ታርጋ ናይ ምውራድ እገዳን ከምእተበየነለን ሓቢሩ።

ንሓደጋታት ብዝምልከት ድማ፡ ኣብ ካልኣይ ርብዒ ዓመት ብዘጋጠመ 458 ሓደጋታት 11 ሰባት ክሞቱ ከለዉ፡ 148 ኣካላዊ ጉድኣት ከምዝወረዶም፡ ኣብ ንብረት ድማ ልዕሊ 5 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ዕንወት ከምዝሰዓበ ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ከም'ዚ ዓይነት ኀሰሳስ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ስለዝኾነ ብቐጻሊ ክካየድ ተላብዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣካያዲ ስራሕ ኩባንያ መጎዓዝያ ሓራት ሌተናል ኮሎኔል ዮሴፍ ፍስሓጽዮን፡ ተሳተፍቲ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ሰሚናር ተገንዚቦም፡ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓሶም ዕቱባትን ጥንቁቓትን ክኾኑ ተማሕጺኑ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ጸብጻብ ጸወታታት ኵዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ተኽኢንሳይት |
| 15:00 | ፓኖራማ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ናትራን |
| 19:25 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ፊልም ገጽታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ሕዋሪት |
| 23:00 | እትመት |

# ቁጠባን ዋኒንን

ተሰፊት ሓጉስ

## ውህለላ ከም ቁጠባዊ ኣምር

ናትናኤል ኣረጋዊ
ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን

ምውህሃል ወይ ምቕማጥ ገንዘብ፡ ደቂሰብ ካብ ንእስነቶም ጀሚሮም ክመሃርዎን ክለምድዎን ኣለዎም ካብ ዝበሃሉ ኣገዳሲ ባህርያት'ዩ። ኣብ'ዚ ዘለናዮ ዘመን ብፍላይ፡ ምውህሃል ኣብ ሃገራዊ ቁጠባ ዘለዎ ጽልዋ እናዓበየ፡ ዕዙዝነቱ ከኣ እናወሰኸ ይመጽእ ኣሎ። ስለዚ፡ ክጥረ ዘለዎ ባህሪ ካብ ምኳን ሓሊፉ ኣካል መንግስታዊ ፖሊሲታት፡ ማእከል መጽናዕቲ ናይ ዓውዲ ስነ-ቑጠባ ከምኡ'ውን ክኢላታትን ክኾውን ተራእዩን ይርከብ ኣሎ።

ምውህሃል ክበሃል እንከሎ ሰባት ካብቲ ኣብ ኢዶም ዝበጽሕ ደሞዝ (ዲስፖዙብል ኢንካም) ንናብራ ዘድልየም ዘበለ ሃገራትን ኣገልግሎታትን ምስ ዓደጉ ዝተርፍ መጠን ገንዘብ'ዩ። ብመሰረት እዚ መግለጺ፡ መጠን ዝውህለል ገንዘብ ምስ እቶት ዜጋታት ሃገራት ቀጥታዊ ዝምድና ኣለዎ ማለት'ዩ። እቶት ዜጋታት ኣብ ዝውሰኸሉ እዋን፡ መጠን ናይ ዝውህለል ገንዘብ ይውሰኽ። እቲ እቶት ኣብ ዝጎድለሉ ከኣ ብእኡ መንጽር መጠን ውህለላ ይጎድል። ናይ ምውህሃል ባህሪ ወይ መጠን ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃታት ማለት ሃገራዊ፡ ትካላዊ፡ ስድራቤታዊ ከምኡ'ውን ውልቃዊ ተባሂሉ ክዕቀን ይኽእል። ኣገዳስነት ምውህሃል ድማ ካብ'ዚ እዩ ዝብገስ። ምኽንያቱ፡ ምውህሃል ንኹሎም ማለት ካብ ዝዓበዩ ክሳዕ ዝነኣሱ ናይ ቁጠባ ተዋሳእቲ ናይ ምትእስሳር ክእለት ስለዘለዎ።

**ምውህሃል፡** ኣብ ሃገራዊ ቁጠባ ምዕቡላትን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራትን ተራኡ ልዑል'ዩ። ብምንጽጻር ክርአ እንከሎ ግና መሰረታዊ ጽልዋኡ ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከባ ሃገራት ኣዝዩ ይዓዝዝ። ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ካብ ዘሳቕየን ዓበይቲ ማሕንቖታት ሓደ፡ ስእነት ወይ ዋሕዲ ንወፍሪ ዝውዕል ናይ ገንዘብ ማዕከን'ዩ። ከምዚ ዝበለ ገንዘብ/ማዕከን ኣብ ሓንቲ ሃገር ምህላው ድማ ኣብ ምፍራይ ኣቑሑትን ኣገልግሎትን ከምኡ'ውን ስራሕ ኣብ ምፍጣር ዘድሊ ጸጋ ድልዊ ዝገብር ብምኳኑ ግደኡ ኣዝዩ ልዑል'ዩ። ካብዚ ማዕከን ብመልክዕ ልቓሕ ናብ ውልቃውያንን መንግስታውያንን ትካላት ዝዝርጋሕ ገንዘብ ከኣ ኣብ ምዕባይ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ሃገራት ጉሉሕ ተራ ይጻወት። መብዛሕትኦን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ግና ነዚ መዓላ ዝኸውን ገንዘብ ውሽጣዊ ዓቕመን ተጥቂመን ከመንጭዋን ክድልባን ክጸግማ ምርኣይ ንቡር ኮይኑ ይርከብ። ሓደ ምኽንያት ከኣ ዘለወን ድኹም ቁጠባዊ ምንቅስቓስ'ዩ። ነዚ ንቑጠባዊ ዕብየትን ልምዓትን ወሳኒ ዝኾነ ገንዘብ ምእንቲ ከውሕሳ ድማ ዝተፈላለየ ኣማራጺታት ክናድያ ይግደዳ። መብዛሕትኡ እዋን ከኣ ኣብዘን ዝስዕባ ኣማራጺታት ይወድቃ።

### ካብ ሃገራትን ኣህጉራውያን ትካላትን ዝርከብ ልቓሕን ሓገዝን

እዚ ኣማራጺ፡ ንዝሓለፉ ሓያለይ ዕቑዳት ብዙተፈላለያ ሃገራት ተፈቲኑ ኣድማዕነት ዘይተረኸቦ ኣማራጺ'ዩ። እቲ ናይ ልቓሕ ኣገባብ እሞ ብኣንጻሩ ንተለቃሕቲ ሃገራት ዝረኸብኦ እቶት ወለድ ንምኽፋል ከምዝውዕልኦ ብምግባር ኣብ ናይ ዕዳ መጻወድያ ዘሸመመ'ዩ። ብተወሳኺ፡ ፖለቲካውን ቁጠባውን ናጽነተን ዝፍግን ተመሊሰን ተጸባይቲ ንክኾና ባይታ ዘጣጥሕን እዩ። ብመዳይ ሓገዝ ክንርእዮ እንከለና ድማ ኣብ'ዚ ቀረባ ዓመታት ኣብ'ተን ሓገዝቲ ዝበሃላ ሃገራት ዓቃባውያን ስርዓታት ናብ ስልጣን ብምምጽኦም መጠን ናይቲ ዝውሃብ ዝነበረ ሓገዝ ብልዑል ዓቐን ጎዲሉ ይርከብ። ንኣብነት፡ ምስ ዳግማይ ምምጻእ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ካብ ሕብራት መንግስታት ኣመሪካ ዝርከብ ዝነበረ ሓገዛት ክቋረጽን እቲ ቀንዲ ምንጪ ሓገዝ ዝኾነ ትካል US-AID ክዕጾን ብዙሓት ሃገራት ክጥርዓን ተራእዩ እዩ።

### ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ (ፎረይን ዳይረክት ኢንቨስትመንት)

እዚ ኣማራጺ፡ ዜጋታት ወጻኢ ዝኾኑ ትካላትን ሰባትን ገንዘቦም ኣብ ዘቤታዊ ቁጠባ ሃገር ንኸካይድዎ ወፍሪ ዝምልከት'ዩ። ብመንጽር መጠን ናይቲ ዝርከብ ገንዘብ ምስ ዝርኣ፡ እዚ ኣማራጺ ካብ ካልኦት ኣማራጺታት ኣዝዩ ዝዓቢ'ኳ እንተኾነ ናይ ገዛእርእሱ ብድሆታት ግን ኣለዉዎ። እቲ መሰረታዊ ጉዳይ ከኣ ዋሕዚ ናይ ወፍሪ ኣብ ህሉው ኩነታት ዓለማዊ ቁጠባ ዝምርኮስ ምኳኑ'ዩ። ኣብ 2008፡ ፋይናንሳዊ ቅልውላው ምስ ኣጋጠመ፡ ናብ ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ዝውሕዝ ዝነበረ ወፍርታት ብልዑል መጠን ምጉዳሉ ከኣ ሓደ ኣብነት'ዩ።

### ዘቤታዊ ውህለላ

እዚ ኣማራጺ፡ ኣብ ዘቤታዊ ቁጠባ ተዋሳእቲ ብዝኾኑ ኣካላት (ውልቀሰባት፡ ትካላትን መንግስትን) ንዝተዋህለለ ገንዘብ ይውክል። እዚ ኣማራጺ፡ ኣቐዲሞም ካብ ዝተዘርዘሩ ኣማራጺታት ዝፍለየሉን ዝሕረየሉን ቀንዲ ምኽንያት ብዘተኣማዲ ተኣማንን ዘላቒ ውሕስነት ዝፈጥርን ምኳኑ'ዩ። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ድማ ሃገራት ዝተፈላለየ ፖሊሲታት ብምንዳፍ ቁጠባዊ ዕብየት ከረጋግጻ ክኢለን እየን።

ከም ዝዓበየት ኣብነት ናይዚ ኩነት ትግለጽ ሃገር ቻይና'ያ። ኣብ 1978፡ መጠን ዘቤታዊ ውህለላ ቻይና ብመንጽር ጃምላ ሃገራዊ እቶታ 32.4 ሚእታዊት ይበጽሕ ነበረ። ኣብ 2017 ግና እቲ ብጽሒት ናብ 45.4 ሚእታዊት ዓበየ። በቲ ኣብ መጠን ውህለላ ዘርኣየቶ ዕቤት ድማ ዘላቒ ምዕባለ ከተውሕስ ክኢላ ትርከብ። እቲ ዘዋህለለቶ መጠን ገንዘብ ንመንግስትን ትካላትን ቻይና ምንጪ ፋይናንስ ካብ ምኳን ሓሊፉ፡ ትሑት መጠን ውህለላ ንዘለወን ሃገራት ከተለቅሕን ብመልክዕ ወለድ እቶት ክትረክብን ኣኽኢሉዋ ኣሎ። ብዓብኡ ድማ ነቲ ኣብ 2015 ዘንቀለቶ "ተበግሶ ቀናትን ምድርን" ክትምውሎ ኣኽኢሉዋ ይርከብ። ካብ ቻይና ቀንዲ ተጠቀምቲ ዝኾና ሃገራት ምስ እንርኢ ድማ እተን ኣብ ቀድሚት ዝሰርዓ ሃገራት ኣፍሪቃ እየን። እዚ ዝኾነሉ ድማ ኣዝዩ ትሑት መጠን ውህለላ ስለ ዘለወን እዩ። ኣብ 2022 ዝተኻየደ መጽናዕቲ ዓለማዊ ባንክ ከምዝመልክቶ፡ ካብ ሳህራ ንታሕቲ ካብ ዝርከባ ሃገራት ዘሎ ጠቕላላ ህዝቢ፡ 55 ሚእታዊት ጥራይ ዘዋህልል ምኳኑ የመልክት። ብእኡ መጠን ድማ እተን ሃገራት ክረኽብኦ ዝኽእላ ዝነበራ፡ ኣብ ናይ ወፍሪ ዓቕመን ዓቢ ተራ ክጻወት ተኽእሎ ዝነበሮ ኣዝዩ ብዙሕ ዝመጠኑ ገንዘብ ከም ዝኸስራ የረድኡ።

ዘቤታዊ ውህለላ ኣብ ቁጠባ ሃገራት ዓቢ ኣበርክቶ ካብ ሃለዎ፡ ሃገራት ከተባብዕኦን ንኣበርክቶኡ ዘዕቢ ፖሊሲታት ክውጽኣን ግድነታዊ ይገብሮ። ንትግባረ ናይዚ ሓሳብ ዝሕግዝ ሓያለይ መጽናዕትታት ድማ ብስነቑጠበኛታት ተኻይዱ እዩ። ገለ ካብቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ዘልዕሎ ሕቶታት ድማ፡ ደቂሰብ ስለምንታይ የዋህልሉ ወይ ገንዘብ የቐምጡ፧ እቲ ናይ ምውህሃል ባህሪኦም ከ ብኸመይ ይጸሎ ዝብል ይርከቦ።

### ንምውህሃል ዝድርኹ ረቛሒታት

ተመራመርቲ ስነ-ቑጠባ ደቂሰብ ስለምንታይ የዋህልሉ ወይ ምኽንያቶም እንታይ እዩ ንዝብል ክምልሱ እንከለዉ ኣብ ሰለስተ ይኸፍልዎ።

ቀዳማይ፡ ከም መሓለውታ ወይ ከም ኣካል ቅድመ-ጥንቃቐ። እዚ፡ እቲ ሰብ ዘጋጥሞ ዘይተጸበዮ ጸገማት ምስ ዘጋጥሞ ከም ውሕስነት ክኾኖ ብምሕሳብ ንዝገብሮ ውህለላ ዝገልጽ'ዩ። እቲ ጸገም ናይ ጥዕና፡ ሓደጋ ወይ'ውን ሸቕለት-ኣልቦነት ክኸውን ይኽእል። እቲ ውህለላ ድማ እቲ ሰብ ቅልጡፍ ኣገልግሎት ክረክብ፡ ኣሉታዊ ጽልዋ ናይ'ዞም ፍጻመታት ኣብ ህይወቱ ክንክይ ዘኽእሎ ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ከምዝህልዎን ይገብር።


ካልኣይ፡ ሃብቲ ንምጥርቓም። ሰባት ኣብ ግዝያዊ ሃለኽቲ ካብ ዘጥፍእዎ ገንዘብ ዝዩም ከቐምጡ እንከለዉ መጠን ሃብቶም ይውስኽን ኣብ መጻኢ ዝህልዎም ናይ ምዕዳግ ዓቕሚ ይጉልብትን እዩ። እዚ ድማ ዝኾነ ዕድላት ኣብ ዝፍጠረሉ ናብ ረብሓዎም ከውዕልዎ የኽእሎም። ንኣብነት፡ ገዛ ናይ ምግዛእ፡ ውሉዳቶም ዝሓሸ ትምህርቲ ክረኽቡን ኣብ ኮለጅ ከምዝምሃሩ ምግባር ከምኡ'ውን ንዝኸሰቶ ናይ ወፍሪ ዕድላት ንምጥቃምን የኽእሎም። ሓዲሽ ዋኒን ኣብ ምኽፋት ብፍላይ ሰባት ኣብ ዘጠራቐምዎ ገንዘብ ክምርኮሱ ምርኣይ ንቡር ተርእዮ እዩ።

ሳልሳይ፡ ንእዋን እርጋንን ጥሮታን ዝኸውን ገንዘብ ንምውሓስ። እዚ ብርክት ብዝበሉ ስነቑጠበኛታት ከም ቀንዲ ምኽንያት ናይ ምውህሃል ተባሂሉ ዝጥቀስ'ዩ። እዚ ከኣ ካብ ስነ-ልቦናዊ ኣቃውማ ደቂሰብ ዝብገስ ምኳኑ ይግለጽ። ምስ ምድፋእ ዕድመ፡ ሰባት ብዙሒ ዝሰርሕዎ ሰዓታት ክጎድልን ብሰንኪ ድሩት ኣካላዊ ብቕዓት ካብ ስራሕ ክወጹን ንቡር'ዩ። ማዕረ ማዕሮኡ ድማ ዘእትውዎ ይኹን ዘህልኽዎ ክጎድል ግድን ይኸውን። እዚ ከኣ ገለ ካብ ዝገዝእዎ ዝበሩ ነገራት፡ ዝረኽብዎ ዝበሩ ኣገልግሎትን ዝዘወርዎም ዝነበሩ ቦታታትን ከቋርጹ ይግደዱ ማለት'ዩ። ብእኡ መንጽር ካብቲ ነገራትን ኣገልግሎትን ዝረኽብዎ ዝነበሩ ዕግበት (ዩቲሊቲ) ይጎድልን ምቾእነት ድማ ኣይሰምዖምን። ሰባት ብባህሪኦም ዝለመድዎ ሂወትን ኣካይዳን ክስእንዎ ስለዘይደልዩ፡ ምስ ዝስእንዎ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ክገብሩ ይረኣዩ። ስለዚ፡ ምሉእ ሂወቶም ክሰርሑ ስለዘይክእሉ፡ ካብ ግዜ ንእስነቶም ኣትሒዞም ካብ ደሞዞም ብምቑጣብ ብህይወት ክሳብ ዘለዉ ድልየታቶም ኣማሊኦም ክኸዱ ዝበለጸ ኣማራጺ ኮይኑ ይረኽብዎ።

ኣብ ምውህሃል ኣተኲሩ ካብ ዝተኻየደ ሓያለይ መጽናዕትታት ኣብ ቅድሚት ካብ ዝሰርዑ ስሙይ ዝኾነ ሊቕ ስነ-ቑጠባ ፍራንኮ ሞዲግሊያኒ ተማሂሩ ምስ ዝነበረ ሪቻርድ በሩምበርግ ብምኳን ኣብ 1954 ዘኪያዳ'ያ። በዚ ጽንሰ-ሓሳብ ዑደት ሂወት (Life-cycle hypothesis) ተባሂላ ትፍለጥ መጽናዕቲ፡ ሰባት ስለምንታይ ከም ዘዋህልሉን ኑቲ ማሰርሕ ዝጸልዉ ረቛሒታት ኣየኖት ምኻኖምን ኣብ ምግላጽ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። ብመሰረት ጽንሰ-ሓሳብ ዑደት ሂወት መጠን ውህለላ ምስ ደረጃታት ዕድመ ዝምድና ብምፍጣር፡ ውልቀ-ሰባት ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ሂወት ዝተፈላለየ መጠን ውህለላ ከም ዘለዎም ይገልጽ። ሰባት ኣብ ግዜ ንእስነቶም (ኣብ መጀመርያ ዓመታት ስርሖም) ንእዋን እርጋኖም ዝኸውን ውሑድ መጠን ገንዘብ ከዋህልሉ እንከለዉ ኣብ ማእከላይ ዕድመኦም ግና ክብ ከምዝብልዎ የርኢ። ኣብ ስእሊ ቁጽሪ 1 ተመልኪቱ ከምዝሎ፡ ኣብ ግዜ ንእስነትን እርጋንን ናይ ምውህሃል ተርእዮ ዋላ ደኣ ይሃሉ እቲ ዝለዓለ መጠን ምውህሃል ግና ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝግበር'ዩ።

ሞዲግሊያኒ፡ እዚ ዝምድና ክገልጾ እንከሎ፡ ሰብ ኣብ መጀመርታ ዓመታት ስርሑ እቶቱ ትሑት ስለዝኾነ ብእኡ መንጽር መጠን ዘዋህልሎ ገንዘብ ንኡስ ይኸውን። ኣብ ግዜ ዕብየቱ ድማ ሰዓታት ስርሑን ዓቕሙን ስለዝድረት፡ መጠን ኣታዊኡን ተጠራቓሚኡን ክጎድል ይርአ። ዝበዝሐ መጠን ናይ ህዝበን ዕድመ ዝደፍኦ ሰባት ኣብ ዝኾና ሃገራት ብሰፊሑ ዝንጸባረቕ ትሑት ሚዛን ሃገራዊ ውህለላ ድማ በዚ ምኽንያት'ዩ። ኣብ ማእከላይ ዕደመኡ ዝርከብ ሰብ፥ ምስ ምድላብ ብቕዓትን ተመክሮን እቶቱ ክውሰኽ ምኳኑ ትጸቢት ዝግበረሉ'ዩ። ብእኡ መንጽር ድማ መጠን ናይ ዘዋህልሎ ገንዘብ ክውሰኽ ይርአ። ብተወሳኺ፡ እዚ ደረጃ ዕድመ ሰባት ናብራን ሓዳርን ዝኹብሩሉን ሓላፍነት ዝሰከሙሉን ብምኳኑ መጠን ውህለላኦም ክውሰኹ ዝድርኽ'ዩ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት እንተላይ ኣብ ኤርትራ ዝተኻየደ መጽናዕትታት ከምዝመልክቶ ድማ ምርዑዋት ሰራሕተኛታት ካብ ዘይተመርዓዉ ዝያዳ ናይ ምውህሃል ባህሪ ከምዘለዎም የርኢ።

እዚ ክልሰ-ሓሳብ ኣብ ዓውዲ ስነ-ቑጠባ ይኹን ፖሊሲታት ኣዝዩ ዓቢ ጽልዋን ተራን ከምዝለዎ ኣብዘን ዝሓለፋ 70 ዓመታት ተራእዩ እዩ። ሓደ ካብ መልእኽትታቱ ድማ ቁጠባዊ ምዕባለ ኣብ ዘዘሕለሉ እዋን ዜጋታት መጠን ውህለላኦም ከምዝውሰኽ'ዩ። ቀንዲ ጠንቂ ናይ'ዚ ክስተት ኣብ ቁጠባ ዝፍጠር ዘይርጉጽነት/ዘይምትእምማን፡ ቀጻልነት ናይ ስርሖምን እቶቶምን እዩ። ስለዚ፡ ሰባት ከም መሓለውታ ዝያዳ ገንዘብ ካብ ደሞዞም ከቕምጡ ይግደዱ። ስለዚ፡ ውህለላ ከም መመላኽዒ ቁጠባዊ ደረጃታት ኮይኑ ንላንጸጽቲ ፖሊሲታት ከገልግል ይኽእል'ዩ። ዜጋታት መጠን ዘዋህልልዎ ገንዘብ ብቕልጡፍ ምስ ዝውሰኽ፡ ቁጠባዊ ዝሕታል የመልክት።



ስእሊ ቁ.1

# ርእይቶ

## ምንቛት ህዝቢ ከም መናውሒ ዕምሪ ስልጣን

ሰላም ኣርዓዶም

ባዕሉ ብዝፈጸሞ ስትራተጂያዊ ጌጋታት፡ ኣብ ኢትዮጵያ መትሓዚ ዘይብሉ ኲናት ሓድሕድ ኣባሪዑ፡ ኣብ ከቢድ መዋጥር ዝተሸመሙ ኩሉዲ ጉጅለ ብልጽግና፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ከም መናውሒ ዕምሪ ስልጣኑ ዝሓሰቦ ፋልሶ መድሃኒት፡ ናይ ጥንቲ ጥቅምቲ ጸዋታትን ናይ ግጭት ታሪኽን ከይተረፈ እናልዓልካ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንሓድሕዱ ዝናቆተሉ ባይታ ምውዳድ ኮይኑ ኣሎ።

ብኸምዚ ዝኣመሰለ 'ድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቆል' ዝዓይነቱ ክፉኣት፡ ዕምሪ ስልጣን ከተናውሕ ምህቃን፡ ጥዕና ዘለዎ ኣእምሮ ክሓስቦ ዝኽእል ኣይኮነን።

ኣብዚ ቅንያት'ዚ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይቲ ጉጅለ፡ ኣብ ደብረማርቆስ ክፍለ ሃገር ጐጃም ኣብ ዝበጽሓሉ፡ "ህዝቢ ጐጃም ብግዜ ሃጼይ የሃንስ እንታይ ከምዝወረዶ ይፈልጥ'ዩ" ብምባል፡ ንህዝቢ ኣምሓራ ኣንጻር ህዝቢ ትግራይ ንምልዕዓል መርዛም ትፋእ ከደጉሕ ተሰሚዑ። ኣቐድም ኣቢሉ እውን ጐንደር ኣብ ዝበጽሓሉ፡ "ንእንግሊዛውያን መሪሑ ንሃጼይ ቴድሮስ መን ከምዝቐተሎ ዝፍለጥ እዩ" ብዝብል ትረኻ፡ ቴድሮስ ብውዲት ሃጼይ የሃንስ ከም እተቐትለ ብምእማት፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ ጎንደርን ህዝቢ ትግራይን ጽልኢ ንምስዋር ሃቂኑ ነይሩ። 'ጎንደር ክንሃንጽ ኣብ ዝተበገሰናሉ፡ ቀንዲ ዝተቓወሙና ጐጃም እዮም ነይሮም' ኢሉ ንህዝቢ ኣምሓራ ንሓድሕዱ ከተፋንን ዝሃቀነሉ እውን ናይ ቀረባ ግዜ ዝኽሪ እዩ።

ጉጅለ ብልጽግና፡ ናብ ከምዚ ዝዓይነቱ ድሑር ዘመነ ቅብጸት ዝምርሖ፡ ትሕተ-ሃገራዊ ጸቢብ ፖለቲካኡ ሽፋፊኑ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ዕላማታትን ነዊሕ ራእይን ከምዘለዎ መሲሉ ንምዕሻውን ምትላልን ዘኾደዶ ዝተፈላለየ ፕሮፖጋንዳዊ ዘመቲ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ምስ ግብራዊ ስራሕ ናይቲ ጉጅለ ብምንጽጻር እዚ ምስ ከልኦ እዩ።

### ንምዝኽኻር፦

-ትምሸን ሃገራዊ ልዝቡ ብምቛም፡ 'መዘተዩ ዛዕባታት ንእኩብ ኣለና' እናተባህለ፡ ደላዩ ሃገራዊ ዕርቂን ምርድዳእን ንምምሳል ሰፊሕ ናይ ምድንጋር ዘመቲ ክካየድጸኒሑ። መንግስቲ ኣብ ዝቆጻጸሮ ከባቢታት ህዝቢ ንሰላም ዝጽውዕ ሰላማዊ ሰልፈታት ከካይድ ብዙሕ ግዜ ተሰጊዱ። ንመራሕቲ ሃይማኖት፡ ዓበይቲ ዓዲ፡ ሰብ ጸጋ፡ ምሁራን፡ እንተላይ ዲፕሎማስኛታት 'ሰላም ንምምጻእ ሓግዙና' እናበልካ፡ ብልጽግና ደላይ ሰላም እዩ ኣብ ነቲ ስርዓት ዝቃወሙ ድማ ከም ዘረግቲ ሰላም ንምቕራጽ ተፈቲኑ። ኩሉ ግን ፋይዳ ኣይተረኽቦን። ንመራሕቲ ህዝቢ ይኹን መራሕቲ ዕጡቓት ሓይልታት፣ ብሓይሊ ገዝኡብ ንምስዓዕ እውን ዝከኣል ጻዕርታት ተገይሩ፡ ከምቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ኣይሰርሐን።

-ብዝተጋነነ ዜናታት ልምዓትን ዓወትን፡ ምስሊ ቀዳማይ ሚኒስተር ምዕባዝ እውን ይጠቅም ተባሂሉ ክሳብ ሕጂ ብሰፍሓት ዝሰርሓሉ ዘሎ እዩ። ዝጸንሑን ሓደሽን ቦታታት ልምዓት ደጋጊምካ እናመረቕካ፡ ኣብ ዝተረኽበ ኣጋጣሚ ኢትዮጵያ ትውንጨፍ ዘምስል ናይ ሓሶት ቁጠባዊ ኣሃዛት እናደርደርካ፡ ብልጽግና ዕድል እንተተዋሂቡዋ፡ ንኢትዮጵያ ሰማይ ከዕርጋ ዝኽእል ሕልሚ ዘለዎ ሰልፊ ብምምሳል፡ ህዝቢ ክንዮ ግዚያዊ ጸገማት፡ ናብቲ ዝመጽእ ተኣምር ክጥምት ብቀጻልን ብጸዕቂን ጉስጓሳት ክካየድ ጸኒሑ፣ የግዳስ ኣፍን ባይታን በበይኑ ኮይኑ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከእምኖን ከደናግሮን ኣይከኣለን።

-ማዕረ ማዕረ'ዚ፡ ብልጽግና ያኢ፡ ናይ በይኑ ዕዳጋ ኣጽዋር ከምዘለዎ፡ ተራእዩ ዘይፈልጥ ኣራዓዲ "ቴክኖሎጂ ውግእ" ከም ዝዓጠቐ ኣምሲልካ ምፍርራሕ፣ ብዝሒ ዝሰልጥን ወተሃደር ደጋጊምካ ኣብ ቴለቪዥን ብምርኣይን 'ሚልዮናት ከዕጥቕ ኢና' ብዝብል ጃህራን፣ መንግስቲ ብሓይሊ ክኣልዩ ንዝሓሰቡ ተሰፋ ንምቑራጽ ዝዕላማኡ ታህዲዳት እውን ተሃቂኑ። እዚ ግን ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከሰናብድ፡ ንዕጡቓት ክርዕድ ኣይከኣለን። ሰላማዊ ህዝቢ ንምስካሕ ብድሮናት ክፍጸም ዝጸንሐ ደብዳባት እውን ኣይጠቐመን።

-'ምስ ኤርትራ ኩናት ዘይተርፍ'ዩ!' ብዝብል ጸዑቕ ፕሮፖጋንዳ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ቅሳነት ብምኽላእ፡ ኣቓልቦ ኣብ ውሽጢ ናብ ግዳም ንምቕናዕ፣ ኣብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ናይ ዕጽዋን ክርደናን ጭኑቕ ስነ-ኣእምሮ ብምፍጣር፡ ኢትዮጵያዊ "ባሕሪ" መፍትሒ ኩሉ ሽግራት ገይሩ ንክወስዶ፣ ብዘይ ባሕሪ ሃገር ምዃን ከምዘይክኣል ብምግዋሕ ቀልብን ኣእምሮን ኢትዮጵያውያን ኣብ ዘይሰምር ሕልሚ ንምህውታት እውን ተሃቂኑ። ይኹን እምበር በዚ ህውተታ'ዚ ተደናጊሩ ናብ ባሕሪ ዝሃንደደ ኣይተረኽበን።

ድሕሪ'ዚ ኩሉ ፈተነታት፡ ጉጅለ ብልጽግና ከም መናውሒ ዕምሪ ዝወሰዶ ናይ መወዳእታ ምርጫ፡ ብትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካ ህዙብታት ኢትዮጵያ ሓድሕድ ዝናቖትሉ ኩነት ምፍጣር እዩ። በዚ መሰረት፡

-"ክልል" ክኾኑ ጠለብ ንዘለዎምን ዘይብሎምን ብምትብባዕ፡ ኣቃውማ ሕብረተሰባት ናብ ዝደቃቐ ምክፍፋል፣

-ጥንታውያን እምነታት ኦርቶዶክስን ምስልምናን ኣብ ውሽጦም ከም ዝከፋፈሉ ምግባር፣ ምስ ሓደስቲ እምነታት ምትፍናን፣

-ኣብ ኣዲስ ኣበባን ከባቢኣን ዝርከቡ ኦሮሞ ምስ ኣምሓሩ፡ ተጋሩን ካልኦትን ምፍጣጥ፣ ኣብ ወሎን ሰሜን ሸዋን ተሓዋዊሶም ዝነብሩ ብዙሓት ዓፋር፡ ኦሮሞ፡ ኣምሓራን ትግራይን ፍልልያቶም መዘምዚምካ ምግጫው፣ ንህዝቢ እንድርታን ራያን ተምቤንን ኣንጻር ህወሓት ምልዕዓል፣ ጉዳይ ወልቃይት፡ ጸለምትን ጸገደን ብዘይ ፍታሕ ኣጽኒሕካ፡ ንህወሓት ምስ ፋኖ ምግጫው፣

-ናይ ወሎ፡ ሸዋ፡ ጎንደርን ጉጃምን ፋኖ ብሓይሊ ገዝኡብን ካልእን ከፋፊልካ ንሓድሕዶም ምርጻም፣ ንፋኖ ምስ ዕጡቓት ወልቃይት፣ ቅማንት፣ ኣገው፣ ቤንሻንጉል ጉምዝን ሱዳናውያንን ኣብ ውግእ ምጽማድ፣ ብዤረሰባት ቤንሻንጉል፡ ኣንጻር ኣብ ክልሎም ዝርከቡ ኣምሓራን ተጋሩን ኣገውን ምልዕዓል፣ ኣብ ክልል ኦሮምያን ህዙብታት ደቡብን፣ ኣብ መንጎ ብዤረሰባት ወላይታ፡ ሲዳማ፡ ጉራጌ፡ ስልጤ፡ ጋሞ፣ ጌዶዎ፣ ጉጂ፣ ኮንሶ፣ ማጂ ዝጸንሐ ዘይምቅዳው ብሰውር መገዲ መዘሚዝካ ግጭታት ምቕስቃስ፣ ህዙብታት ደቡብን ኦሮሞን ኣንጻር ሶማልን ምስ'ቶም ኣብ ክልሎም ዝሰፈሩ ኣምሓራን ካልኦት ዓሌታትን ከም ዝተፋነኑ ምግባር፣

ከምዚ ዓይነት መትሓዚ ዘይብሉ ሓድሕዳዊ ግጭትን ሕንፍሽፍሽን ፈጢርካ ስልጣንካ ክትዕቅብ ምሕሳብ፣ ብርግጽ ናይ ጥዕና ኣይኮነን። ናይ ፕሮስቲቱታ ጋኔን ደም ዝጸግብ ኣይመስለን። ህዝቢ ኢትዮጵያ ልቦና ይሃቦ፡ ነዚ ውጥን ህልቂት'ዚ ከበርዕን ዝኽእል፡ 'ደም ምፍሳስ ይኣኽለና፡ ሰላም'ዩ ምርጫና!' ዝብል ንቕሓትን ውሳነን ህዝቢ ጥራይ እዩ። ነዚ ንምግባር ድማ፡ ኣብ መንጎ ህዙብታት ኢትዮጵያ ንሓድሕዱ ኮነ ምስ ጎረባብቲ ህዙብታት ሰላማዊ ዝምድና ምኽስኻስ ኣገዳሲ እዩ።

## ምሕዳስ ዝምድና ህዝብታት ስለምንታይ የጨንቕ፧

ER MEDIA

ምሕዳስ ዝምድና ህዙብታት ኤርትራን ትግራይን ንኻልኦት ከጨንቕ ይግባእ ድዩ፧ ባህርያዊ ክኸውን ዘለዎ'ዶ ኣይኮነን፧ ከም ህዝቢ፡ ጎረባብቲ ኢና፣ ኣብ ታሪኽ ድማ ንኽልቲኡ ህዙብታትን ዞባናን ዝጠቐመ፡ ሃናጺ መድረኽ ናይ ቃልሲን ምትሕግጋዝን ዝምድና ምስናይ ብድሆታቱ ነይሩና'ዩ። ንመጻኢ'ውን ሓባራዊ ረብሓ ኣሎና።

ዋላ እኳ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፡ ምስ ህወሓት/ኢህወደግ ዝምዕብል ዝነበረ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ተበቲኹ፡ ኣንጻር ባህግና፡ ክልተ መረርቲ ኩናት ዘስዓበ ንኽልቲኡ ህዙብታት ዝጎድአ ንዞባና ብሓፈሻ ኣብ ቅልውላው ዝሸመመ ኣኽሳሪ ተመክሮ እንተሕለፍና፡ መን፧ መዓስ፧ ኣበይ፧ እንታይ ኣበሰ፧ ግዜን ኩነታትን መሪጽና ክንመሃረሉ ግዲፍና፡ ሓድሽ ምዕራፍ ዝምድና ምኽፋት፣ ጉርብትናና፡ ታሪኽና፡ መጻኢ ረብሓታትና ዘገድዶ ንቡር ተበግሶ'ዩ። ድሕሪ'ቲ ዝተጠቕሰ ኣሉታዊ ተመክሮ፡ ዝመጽእ ዘሎ እወታዊ ስጉምቲ ስለ ዘኾነ ድማ፡ ክድገፍን ክተባባዕን ዘለዎ ኣገዳሲ ምዕባለ እዩ። እዚ ንሰናይ መጻኢ ክልቲኡ ህዙብታት ዝሕግዝ ተበግሶ ከጨንቕ ኣይግባእን'ዩ፣ የግዳስ ካልኦት ህዙብታት ክጽንበሩዎን ክሰፍሕን ዝግበኦ'ዩ። ዘራግ ማይ እንከሎ ግን. . .

ሓደ ኣብቶም በዚ ዝምድና ህዝቢ ምስ ህዝቢ ዓቕሉ ኣጽቢቡ ዘሎ ስርዓት፡ "ብልጽግና" ምዃኑ ግሁድ'ዩ። ኣብ "ፓርላማ" ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻትን ድግሳትን፡ መራሒ ናይ'ቲ ስርዓት ይኹን ካልኦት "ኣማኸርቱ" ዝበሃሉ፡ ወግሐ ጸብሐ ጭንቀቶም ይገልጹ ኣለዉ። ዘገርም ግን ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ድሕሪ "ውዕል ሰላም ኣስመራ" 2018 ብዙሕ ከይጸንሐ ካልኦት ሓይልታት ንኽገልግል፡ ኣንጻር ኤርትራ ክሰርሕ ዝተደናደነ ጉጅለ ምዃኑ እንተዘኪርናዮ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ምስ ኤርትራ ብምሕዝኑት ኣትዩዎ ዝነበረ ኩናት ከይተረፈ፡ ተመኺሉዩ ንኤርትራ ከጥቅዕ ንመራሕነት ትግራይ ክሽሕጥ ከምዝፈተነ እንተዘይረሲዕናዮ፡ ኣብ ፕሪቶርያ ኣብ ዝተኻየደ ዘተ ሰላም - ኮነ ተባሂሉ ዕጥቂ ሰራዊት ትግራይ ንኽይወርድ ዝተሰማምዐ፡ ኤርትራ ንምጥቃዕ ዝዓለመ ተንኮል ምንባሩ እንተስተብሂልና፡ ክድንጽወና ኣይክእልን'ዩ።

እዚ ውዲት'ዚ፡ ሽዑ ንገለ ምስጢር እንተነበረ፡ ሎሚ ግን ኣብ "ብልጽግናን" ኣብኡ ወጺኡ ዘለዉ፡ ኣብ'ቲ ጉዳይ ቅርበት ዝነበሮምን ኣብ ሓላፍነት ዘለዉን ዘየለዉን ዝደጋገምዎ ተራ ዕላል ኮይኑ'ሎ። እቲ ጽቡቕ ነገር፡ መራሕነት ትግራይ ኣይተዓሸወን፣ "ኲናት ምስ ኤርትራ ይኹን ምስ ካልኦት ኣሕዋትና ዓፋር፡ ኣምሓራ፡ ኦሮሞ ኣይንደልን"፡ "ናብ ኩናት ኣይንምለስን"፡ "ድሌትና ሰላም'ዩ" ብምባል ኣበርዒኖሞ። "ብልጽግና" ግን በቲ "ገዛእ ብገዛእ ስልጣንን ዘዩስድዩ የለን" ዝብል እምነቱ፡ ብገዛእ ብገዛእ ብስልጣንን ኣብ መሪሕነትን ህዙቦን ትግራይ፡ ምግምማዕ ንምፍጣርን ትግራይ ንምድኻምን ክሳብ ሎሚ ዘይፈንቀሎ እምኒ የለን። ይቐጽሎ'ውን ኣሎ። ብዘይካ ኣብ ሕፍንቲ ስሱዓት ግን፡ ከም'ቲ ዝተጸበዮ ብዙሕ ኣይሰለጦን።

ብልጽግና ጥራይ ድዩ ግን ዝጭነቕ ዘሎ፧ ኣመራኻን መሓዙትን'ውን - "ምስ ኤርትራ ዝምድና ብተኹ"፡ "ምስ ኤርትራ ክትቀራረቡ ኣይንደልን ኢና።" መጽረዩ ኣፎም ገይሮሞ ዘለዉ'ዩ። ኣብኡ ከይተሓጽረ፡ ኣመራኻ ብእገዳን ካልኦት ሜላታትን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ትጉብር ዘላ ምፍርራሕ ኩሉ ዝዕዘቦ ዘሎ'ዩ። እዚ ፈተነታት'ዚ ምስ ድሌትን ባህግን ህዙብታት ዞባና ስለ ዘይቃዶ - ከምቶም ዝሓለፉ ግጉያት ፖሊሲታት ምምሕዳር ኣመራኻ፡ ዕድሉ ፍሸለት ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

መንግስቲ ኤርትራ/ህ.ግ፡ ህዙብታት ናይዚ ዞባ ብሰላምን ቅሳነትን ክነብሩ፡ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ሱዳን ኣብ ሶማል እውን እንተኾነ፡ ሃዋህው ሓድሕድ ምትሕግጋዝ ክሰፍን ዘይተሓለለ ጻዕሪ ክገብር ጸኒሑ'ዩ። እዚ ሕጂ ምስ ህዙብታት ትግራይ፡ ኣምሓራ፡ ኦሮሞ፡ ዓፋር. .ካልኦትን ዝገበር ዘሎ ጽምዶ፡ መቐጸልታ ደኣ'ምበር ሓድሽ ተመኩሮ ኣይኮነን። ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልስን ድሕሪኡን ዝተኸተልናዮ፡ ዝሰራሕናሉ፡ ዝተዓወትናሉ እምነትን መርገጽን'ዩ። ኣብ'ዚ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ደው ዝብል ከኣ ኣይኮነን። ንድሕሪት ክመልሶ ይኹን ክዓግቶ ዝኽእል ሓይሊ ድማ የለን። ባህርያዊ ድሌት ህዙብታት ስለ ዝኾነ።

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# መንእሰያት ኣብ ወልፍን ሳዕቤናቱን ዘሎና መረዳእታ

ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ ዕቋር)

ንዘበገስናዮ ዛዕባ ክንስማምዓሉ፡ ሕቶ ብምቕዳም ኣርእስትና ክንፍልጦ። ወልፊ እንታይ'ዩ፧ ዝሃብና ስያመ ንሃቦ፡ ብዝደለ ኣገባብ ንጠቐመሉ፡ ወልፊ ንኣእምሮ ናይ ምዝካር፡ ምትብባዕ ዝኣመሰሉ ዕማማት ዘዘናብል ሕዱር ወይ ነባሪ ጉድለት እዩ። ካብ ጉድለት ሰጊርና ክንምልከቶ ከለና ድማ ስንክልና'ዩ ብምባል ክንገልጾ ንኽእል ኢና። ወልፊ ኣካላት ንሓደ ነገር ወይ ልምዲ ቃሕታ ብምሕዳር፡ ሳዕቤናቱ ግዲ ከይገበርካ ንሓደ ነገር ክትፍጽሞ ዝቕስብ ወይ ዝገድድ ባህሪ'ዩ። ወልፊ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ክግለጽ ይኽእል'ዩ። ንኣብነት፥ ወልፊ ቡን ወይ ሽጋራ ምስ እንወስድ፡ ንወስደሉ ግዜ ምስ ዝኣክል ኣካላት ብዝተፈላለየ ኣገባባት ጠለባቱ ይገልጽ። ርእሲ ብምሕማም፡ ቀጨውጨው ምባል፡ ወዘተ ይኽሰት። ነዚ ከም ምርኩስ ብምውሳድ፡ ገለ ገለ ወልፊ ዝግለጸሉ ልምድታት እዚ ዝስዕብ'ዩ፥

• ካብ ልምዲ ምርሓቕ ይኸብድ። ወትሩ ኣብ ከባቢ እቲ ድልየት ነርውየሉ ባእታ ወይ ከባቢ ክንህሉ ንቕሰብ።

• ጉድለት ነብሰ ቍጽጽር የቃልዕ። ወልፊ ምስ እንጥቃዕ ኣካላትና ክንቈጻጸር ኣዝዩ ይኸብደና።

• ናይቲ ባእታ ወይ ድላይ የዕቢ። ብሓደ ወይ ብውሱን መጠን ዝዓግብ ዘይኩነ፡ ምስ ምውሳኽ ግዜ ናይቲ ባእታ ወይ ናይቲ ተግባር ድላይ እናዓበየ ይኸይድ።

• ሕጽረት ስምዒታዊ ግብረ መልሲ ይፈጥር። ድንዛዘ ወይ ድስካለ ዝኣመሰሉ ክውንነት ብምፍጣር ንነገራት ወይ ኵነታት እንህቦ ስምዒታዊ ግብረ መልሲ ይድርቶ። ብደስታ ስምዒትና ክንገልጸሉ ኣብ ዝግባእ ግዜ ዋላ ሓንቲ ከም ዘይተኸስተ ስምዒትና ከይገለጽና ክንበኩር ንኽእል።

እዞም ዝተገልጹ ልምድታት ክኾኑ ከለው፡ ወልፊ ድሕሪ ግዜ ኣካል ዕለታዊ ንጥፈት ብምዃን፡ ኣብ ናብራ ተጽዕኖ ብምፍጣር፡ ናብ ቀዋምን ተሓላላኺን ጥዕናዊ ሳዕቤን ይፈጥረልና።

## ዓይነታት ወልፊ


ወልፊ ብኽባብን ሕብረተሰብን ዝተፈላለየ ዓይነት ብምግላጽ ክጥቀስ ይኽእል'ዩ። ወልፊ ንዝተፈላለየ ባእታ ወይ ልምዲ ዝገልጽ ተግባር ብምዃኑ፡ ብመሰረት ኣብ እንግሊዝ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ መላእ ዓለም ሓደ ካብ ሰለስተ ናይ ዝኾነ ነገር ወልፊ ከም ዘለዎ ይገልጽ። ብኹሉ ዝተፈልጠን ዕቱብ ወልፊ ምዃኑ ዝንገር ወይ ዝግለጽ ወልፊ ድራግን ኣልኮልን'ዩ። ሓደ ካብ ዓሰርተ ኣሜሪካውያን በዞም ክልተ ወልፍታት ዝተጠቕዐ'ዩ። ክልተ ካብ ሰለስተ ብድራግ ወልፊ ዝተትሓዙ ንኣልኮል'ውን ዝተጠቕዑ'ዮም። ልሙዳት ናይ ድራግ ወልፍታት እዞም ዝስዕቡ'ዮም፥ ኣብ ትንባኾ ዝርከብ ኒኮቲን፡ ኣብ ማሪዋና ዝርከብ ቲኤችሲ፡ ናርኮቲክስ ወይ መዕገሲ ቃንዛን ኮኮይንን እዮም።

ወልፊ ዝተፈላለየ ዓይነት ከም ምዃኑ ናብ ወልፊ እንኣትወሉ መንገዲ'ውን በበይኑ እዩ። ናብ ወልፊ ክመርሕ ዝኽእል ብዙሕ ረቛሒታት'ውን ኣሎ። እዚ ደራኺ ረቛሒታት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክፈላለ ይኽእል'ዩ። ሓደ ሰብ'ውን ዘህልኾ ባእታ ብምጽናዕ ወይ ዘህልኾ ብምዕዛብ፡ ናይ ምንታይ ወልፊ ግዙእ ምዃኑ ክነለልዮ ንኽእል። ኣዲክሺን ዶት ኮም ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ፡ ነዞም ዝስዕቡ ከም ባእታት ወልፊ ዘርዚርዎም ይርከብ፥ ካፌን ኣብ ቡን ዝርከብ ባእታ'ዩ፡ ቍማር፡ መግቢ፡ ተክኖሎጂ፡ ጾታዊ ርክብን ስራሕን።

ኣብ ኣሜሪካ ዝርከቡ ማሕበር ሳይካትሪ፡ ንተክኖሎጂ፡ ጾታዊ ርክብን ስራሕን ከም ወልፊ ኣይገልጽዎን። እንተኾነ ዝተፈላለዩ ወገናት ወይ ክኢላታት፡ ኣብ ኣካላትና ዝፈጥርዎ ሳዕቤናት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ወልፊ እዮም ብዝብል ሓሳብ ምጉቶም የቕርቡ። ነዚ ክልተ መግለጺ ከም መሰረት ብምውሳድ ድማ ንወልፊ ዝወሃብ መግለጺ ዝተፈላለየ ምዃኑ ንርዳእ። ገለ ልምድታት ኣብ ገለ ከባቢታትን ሃገራት ከም ወልፊ ዝቍጸሩ ኣብ ካልእ ግን ኣይፍለጡን። ስለዚ ወልፊ ብዝፈጥረልና ግብረ መልሲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብልምድታትን ኣነባብራን ናይ ሕብረተሰብን ከባብን ተክኖሎጂያዊ ጽልዋን ክግለጽ ይኽእል።

## ወልፊ ዝፈጥሮም ምልክታት

ብዙሓት ዓይነታት ወልፊ ብዝፈጥርዎ ምልክታት ክግለጽ ወይ ክግሃድ ይክኣል'ዩ። ዝበዝሑ ወልፍታት ሓደ ሰብ ነብሰ ቍጽጽር ንኸየካይድ ብዝፈጥሮ ጉድኣት ወይ





ምልክታት እቲ ዝልዓለ ጉድኣት ምዃኑ ይፍለጥ። እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ድማ ምስ ነብሰ ቍጽጽር ተሓዊሶም ዝግለጹ ክንምልከት፥

• ማሕበራዊ ተነጽሎ፡ ዝምድናዊ ዕንወትን፣ ብሕትው ህይወት ክንመርሕ ኣብ ከባቢና ምስ ዝርከቡ ሰባት ክንገራጮ ይገብረና።

• ምስጢራት ምፍጣርን ምኽዋልን፣ ኣብ ዝምድናና ምስጥራውያን ከም ንኸውን ብምግባር ግሉጽነት ኣጉዲሉ ከም ንኽወልን ንሕባእን ይገብር።

• ስእነት ድቃስን ዝኸሪ ምጥፋእን፣ ዝተመዛበለ ናይ ድቃስ ሰዓታት ብምፍጣር ምርሳዕ የኸትለልና።

ወልፊ በዚ ዝተገልጸ ከይትሓጸረ ድማ ዓሚቑን ነባርን ሳዕቤን ይፈጥረልና እዩ። እቲ ክፈጥረልና ዝኽእል ሳዕቤናት ከም ዘለና ዓይነታት ወልፊ ዝፈላለ እኳ እንተኾነ፡ ገለ ገለ ግን ብኹሎም ዓይነታት ወልፊ ዝፍጠሩ ሳዕቤናት እዮም። እቲ ወለፊ ዝፈጥረልና ዝተሓላለኸ ሳዕቤን ካብቲ ብዙሕ እዞም ዝስዕቡ'ዮም፥

• ሕማም ልቢ፡ መትናዊ ዕንወት

• ስነ ኣእምሮኣውን ስምዒታውን ጉድለታ፣ ከም ሻቕሎት፡ ጸቕጢ፡ ቃዘኖትን እዮም።

• ቍጠባዊ ክሳራ

• ኣምዑታዊ ሕማም

• ዕንወት ኩሊት

• ጉድኣት ስርዓተ ትንፋስን ናይ ሳንቡእን

• ልዕሊ ኹሉን ከም ናይ መወዳእታ፡ ወልፊ ዝፈጥሮ ሳዕቤን ዝግለጽ ሞት ድማ ክፍሊት ወልፊ'ዩ።

እዚ ዝተገልጸ ሳዕቤናት ከቢድ ምዃኑ እናፈለጥና ክንቅጽልን ሓደሽቲ ድማ ውልፋት ክኾኑ ንዕዘብ ኢና። ገለ ሰባት ድማ ወልፊ ዝፈጠርዎም ጸገማት ዋላ የለልይዎ ከቋርጽዎም ባህጊ የብሎምን። እዚ ድማ ዝኸፈአ ወልፊ ዝፍጥሮ ልማድ ተባሂሉ ክግለጽ ይኽእል። ብዛዕባ ወልፍን ሳዕቤናቱን እዚ ካብ በልና፡ ንወልፊ ዝፈጥሮ ነገር እንታይ'ዩ ንዝብል ሕቶ ክንምልስ ንግደድ፧

## ንወልፊ ዝፈጥሮ ነገር እንታይ'ዩ

ኣወለፍቲ ባእታትን ልምድታትን ልዑል ኣካላውን ኣእምራውን ባህታ ዝፈጥሩልና እዮም። ነዚ ባህታ ብተደጋጋሚ ንምርካብ ብምባል ድማ ነቶም ኣወለፍቲ ባእታታት ደጋጊምካ ትወስዶም። ብድሕሪ ምድግጋም ዘየቋርጽ ወልፊ ይኸውን። እዚ ክስተት ኣእምሮና ብዘለዎ ናይ ባእታታን ባህርን ድላይ ዘካይዶ መስርሕ እዩ ዝፍጠር። ኣብ ቅድሚት ኣእምሮና ዝርከቡ 'ሉብ'፡ ንሓደ ሰብ ርውየትን መስርሕን ዝፍጥርሉ ክፋልት'ዮም። እዞም ክፋልት ድማ ኣብ ወልፊ ግብረ መልሲ ንምሃብ ቅልጡፋት'ዮም። ብተወሳኺ ገለ ክፋላት ናይ ኣእምሮና'ውን ንወልፊ ናይ ገዛእ ርእሶም ተራ ይጻወቱ'ዮም። ሸፋን ናይ ቅድሚት ቀጸላ ሲንጉለይትን ኒኩለይስ ኣኩምበንስን ዝብሃሉ ናይ ባህታ ስምዒታት፡ ኣካላትና ንኣወለፍቲ ባእታታት ምስ ዝቃላዕ እዞም ክፋላት ብዝያዳ ወይ ልዑል ግብረ መልሲ ክህብ ይገብሩ።

ንወለፊ ምርኩስ ገይሮም መጽናዕቲ ዘካየዱ ክኢላታት፡ ተደጋጋምን ቅልጡፍን ወይ ኣብ ንኡስ ዕድመ ንወለፊ ምቅላዕ ኣዝዩ ሓደጋኛ ምዃኑ ይዛረቡ። ገለ ገለ መጽናዕትታት ከም ዘረድእዎ'ውን ተወርሳዊ ወልፊ ኣሎ ይብሉ። እዚ ግን ቤተሰብካ ውልፋት ኩይኖም ንስኻ ግድን ውሉፍ ትኸውን ወይ ወልፊ ተማዕብል ማለት ኣይኮነን። ብተወሳኺ ከባብን ባህልን ንወልፍን ባህርን እንህቦ ግብረ መልሲ ጽልዋ ከም ዘለዎ ይሕብሩ። ንትንባኾ ከም ንቡር ኣብ ዝርእዩ ሕብረተሰብ ዝውለዱ ቈልዑ ውልፋት ትንባኾ ንኽኾኑ ብዙሕ ኣይሸገሩን። እቲ ካልእ ወልፍታት'ውን ተመሳሳሊ'ዩ።

## ደረጃታት ወልፊ እንታይ'ዮም፧

ወልፊ ብደረጃታት ክግለጽ ይኽእል'ዩ። ኣእምሮናን ኣካላትናን ኣብ ናይ ፈለማን ዳሕራይን ደረጃ ግዜ ንወልፊ ዝህቦ ግብረ መልሲ ዝተፈላለየ'ዩ። በዚ መሰረት ከኣ ወልፊ ብኣርባዕተ ደረጃ ይግለጽ፥

• ፈተናዊ፣ ብህንጡይነት ንወልፊ ንጥቀመሉ ወይ ንጽመደሉ ግዜ'ዩ።

• ማሕበራዊ ወይ ስሩዕ ልምዲ፣ ወልፊ ንጽመደሉ ግዜ ማሕበራዊ ኵነታት ወይ ማሕበራዊ ምኽንያት ክንህበሉ ከለና።

• ጸገም ወይ ሓደጋ፣ እዚ ደረጃ ምሉእ ብምሉእ ውልፋት ኴንና ናይ ወልፊ ሳዕቤን ድማ ንጥቀመሉ ግዜ'ዩ።

• ጽግዕተኛነት፣ እዚ ናይ መወዳእታ ደረጃ ወልፊ ኵይኑ፡ ዕለታዊ ንጥፈታት ጽግዕተኛ ወልፊ ብምዃን ብዘይ ወልፊ ምንቕስቃስ ንሽገረሉ ደረጃ'ዩ።

## ወልፊ ብኸመይ ንፍውሶ፧

እቲ ጽቡቕ ነገሩ ኲሉ ዓይነት ወልፊ ተፈዋሲ'ዩ። ወልፊ ንኹሉ ገጻት ህይወት ዝትንክፍ ብምዃኑ እቲ ዝግበረሉ ፍወሳ'ውን ሓፈሻዊ'ዩ። ንፍወሳ ወልፊ ዝውሃቦ ኣተኩሮ ሓደ ሰብ ንዘለዎ ልማድ ደው ኣቢሉ ብኸመይ ስሩዕ ዕለታዊ ንጥፈታቱ የካይድ ዝብል'ዩ። እዞም ዝስዕቡ ድማ እቶም ልሙዳት ኣፋውሳ ወልፊ እዮም፥

• መድሃኒት፣ እዚ ዓይነት ኣፋውሳ ንጸቕጥን ሲኪዞፍርንያን ዝኣመሰሉ ናይ ኣእምሮ ዘይስርዑነት ዝወሃብ ፍወሳ'ዩ። እዞም ዝተጠቕሱ ጸገማት፡ ወልፊ ዝፈጠሮም ብምዃኖ ጸገማት ተለለዮም ብስሩዕ ይወሃቡ። ኣብ ገለ እዋን እቲ ዝወሃብ መድሃኒት ንምላእ ዕምርኻ ክኸውን ስለ ዝኽእል ስሩዕነት ኣገዳሲ'ዩ።

• ሳይኮትራፒ፣ እዚ ፍወሳ ባህርያዊ፡ ዘርርብን ጉጅላዊ ፍወሳን ዘጠቓለለ እዩ።

• ውልፍ ሆስፒታል ብምድቃስ ዝውሃብ ፍወስ።

• ነብሰ ሓገዝን ጉጅለኣዊ ደገፊን ብምግባር ዝውሃብ ፍወሳ።

እዞም ዝተጠቕሱ ኣገባባት ገለ ካብቶም ናይ ፍወሳ መንገድታት'ዮም። ከም ዓይነታትን ወልፊ ዝፈጥርዎ ሳዕቤናትን ኣብ ግምት ብምእታው ዝውሃብ ፍወሳ በዞም ዝተጠቕሱን ዘይተጠቕሱን ኣገባባት ክፍወስ ይኽእል። ከምቲ ቅድም ኢሉ ዝተገልጸ ድማ ዝኾነ ዓይነት ወልፊ፡ ተፈወሲ ምዃኑ ብምእማን ንዘለና ወልፊ ንምቍራጽን ነብስና ንምድሓንን ድልዋት ንኹን ምሕጽንታ ዘየድልዮ ለበዋ'ዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቃ እምባደርሆ

ከሳሲት ምስጋና ጉብረኪዳን፡ ተኸሳሲ ዓወት የውሃንስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ተኽአ ሃይለ ተድላ፡ ብዓል ቤተይ ፍረዝጊ እዛዘ ተስፋሚካኤል ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓዚዝ ሓምድ ምባል ተረፉ፡ ዓብደልዓዚዝ ሓምድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓር ዓዚዝ ሓምድ ምባል ተረፉ፡ መሓር ዓብደልዓዚዝ ሓምድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ሃብቶም ተኽለይ በላይ፡ ኣቦይ ተኽለይ በላይ እልፊ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ከሰተ መርሃጼን +6 ብመንገዲ ወከሉ መም/ ፋኒኤል ከሰተ ገየሩ ኣብ ልዕሊ ተጻዋዕቲ 1.ዳንኤል ከሰተ 2.ሰላም ከሰተ፣ ናይ ልቓኖ ምስራዝ ክሲ ኣቕሪቡ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

1ይ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ህድኣት ትኩእ ደብሳይ፡ ስም ኣደይ ርግኣት ተላ ምባል ተረፉ፡ ርግኣት መብራህቱ፡ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ኣስቴር ክፍሎም ጉብራይ፡ ብዓል ቤተይ ጸጋይ ኣርኣያ ተስፋሚካኤል ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትሆዥቲ ወልደሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ሰሰን ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስመረት ዑቕባስላሴ ኣብርሃ፡ ወለደይ ዑቕባስላሴ ኣብርሃን ኤልሳ ተስፋሃንስን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 11 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቀሺ ተወልደመድህን ምባል ተረፉ፡ ቀሺ ማዕበል ዓንደብርሃን ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ልኣላ ነጋሲ ወልደጋብር፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ ርእሶም ተስፋጽዮን ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ብርኽቲ ጉብረእየሱስ፡ ብዓል ቤተይ ፍስሃ ነጋሲ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት የርዳኖስ ጉዕሽ ደሰታ፡ ተኸሳሲ የውሃንስ ጉብረእግዚኣብሄር ሃይሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ሚሮን ጺጋይ መሓመድ፡ ተኸሳሲ ሓበን ዑስማን መሓመድ፡ ናይ ኣጕት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ለተኺዳን ጉብረመስቀል ተስፋገርግስ ምባል ተረፉ፡ ሚላት ጉብረመስቀል ተስፋገርግስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚሮን ሓደራ ጉብረኣምላኽ ምባል ተረፉ፡ ምሕረትኣብ ሓደራ ጉብረኣምላኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ክብሮ ኢሳቕ ዑቕባሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ፊሊሞን ኢሳቕ ዑቕባሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰላም ተስፋማርያም ጉብረሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ሰላም ተስፋማርያም ጉብራይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ብርጭቆ ኣሰፍሀይ ስብሃቱ ምባል ተረፉ፡ ኣኽበረት ኣሰፍሀይ ስብሃቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንቅሕተ ተስፋይ ተወልደ ምባል ተረፉ፡ ንጽህቲ ተስፋይ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ራሓስ ድረር ተስፋይ ምባል ተረፉ፡ ራሓስ ኅይትኦም ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

መሓመድኑር መሓመድ ዓብደላ ምባል ተረፉ፡ መሓመድኑር ሓምድ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰዒዳ ሳልሕ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ሰዑዳ ሳልሕ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድዑመር ሕሴን ያዕቆብ ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ዑመር ሕሴን ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

መርየም መሓመድ ሓሴን ምባል ተረፉ፡ መርየም ማሕሙድ ሓሴን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ሓምድ ዑመር መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ማሕሙድ ዑመር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ፊልማዊት ኣብርሃለ፡ ምባል ተረፉ፡ ኣርሴማ ኣብርሃለ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


ቀንዴል

# ትምህርቲ መካኒክ

ብክልሰ ሓሳባትን ብግብርን ብምኩራት መምሃራን
ኣብ ጋራጅ ብግብሪ ምርኣይ ዘለዎ

#ኣካውንቲን ምስ ፒችትሪ　#ምዝርጋሕ መስመር ኤለክትሪክ / ሶላር
#ግራፊክስ　#ጽገና ኤለክትሪካል ማሽን
#ኮምፒተር

ብርትዓዊ ዋጋ ኣዳልዩ ክም ዘሎ ንወለድን ንተማሃሮን ይሕብር።

ኣድራሻና:- ጎኒ ሲነማ ሮማ ፊት ቶታል
ቁ.ስ. 121571 /07325197



ትካል ሰብርገማ ማዕድናዊ ማይን ልስሉስ ማስተን ናይ ብርኪ ማሕበር ጸብጻብ ናይ ሰብ ብርኪ ኣኼባ ስለዘሎ፡ ንሰንበት ኑሓሰ 02 ሰዓት 8:00 ቅ.ቀ ኣብ ቀጽሪ ትካልና ጎደና እምባደርሆ ክካየድ ምዃኑ ንኹሉ ወናኒ ብርኪ እናሓበርና፡

* ኩሉ ማሕበርተኛ ናይ ዋንነት ብርኪ ሒዙ ክርከብ ይግደድ።
* ወከል ምስ ዝኸውን ቅድሚ 48 ሰዓታት ናይ ወክልና ቅዳሕ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈትና የመዝግብ።

ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተገልጸ ሓበሬታ ወጻኢ ኣብ ኣኼባ ምስታፍ ኣይፍቀድን።




ብሉጽን መሳጥን ህያብ ንደቅኹም!

መጽሓፍ 'ደሴት ቍጽርታት 1'ን 'ደሴት ቍጽርታት 2'ን ዝተሰምየ መጻሕፍቲ፡ ንደቕኹም ኣብ ዓለም ስነ-ቍጽሪ ዘጥሕላ መጻሕፍቲ እየን። እዘን መጻሕፍቲ እዚ ዝስዕብ ቀንዲ ትሕዝቶ ሒዘን ይርከባ፡

-20%




- ቍጽራዊ ጸወታታት፦ ብመገዲ ዛንታታት ኣቢሎም ባህሊ፡ ቋንቋ ትግርኛን ዝተፈላለዩ ስነ-ቍጽራዊ ሓሳባትን ንምርዳእ።
- ቍጽራዊ ጸወታታት፦ ኣብ ገዛውቶም ይኹን ኣብ ቤት-ትምህርቲ እና ተጻወቱ፡ ስነ-ቍጽሪ ዝርድኡሉ ኣዝዩ ኣዘናጋዒ ጸወታታት።
- ቍጽርታት ብትሽዓቲኡ ብሄራት፦ ኣደማምጻ ካብ 0 ክሳዕ 100 ዘለዉ ቍጽርታት።

እዘን ካልእን ኣጠቓሊለን ይርከባ። ኩብሒ መጻሕፍትኹም፡ ነዘን መጻሕፍቲ ስኢኑ ቈሪሩ'ዩ ዘሎ! ግዝእወን! ፍልጠትኩም ኣኻዕብቱ!

ነዛ ጋዜጣ ናብ ፌስቲቫል ኤክስፖ ሒዝኩምዋ ምስ ትመጽኡ፡ ነተን መጻሕፍቲ 20% ጕደሎ ዋጋ ክትገዝእወን ትኽእሉ።

ደራሲት፡ ፈረሓ ኣሕመድ　　ቍ.ተሌፎን፡ 07175030

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ሸሪዓ ዞባ ማእከል

ሰዑድ ማሕሙድ፡ ኣቦይ ዓብዱ መሓመድ ሰዒድ ስለዝዐረፈ፡ ኣሕዋቱ ኣሶማ መሓመድ ሰዒድ፡ ዛህራ መሓመድ ሰዒድ ወረስቱ ምዃኖም ይረጋገጸለን፡ ዝቓወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ገብረትንሳኤ ተስፋማርያም ኣቦይ፡ ብዓልቲ ቤተይ ለምለም መሓሪ በራኺ ስለዝዐረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ መኣዛ ዑቕባዮውሃንስ ዘሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ የሴፍ ክፍለማርያም ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣብርሀት ተኽለሰንበት በራኺ፡ ብዓል ቤተይ ገብረእግዚኣብሄር ተኽለጻዮን ገብረክርስቶስ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ዋስዕ ኑርሑሴን ኣሰሪን ምባል ተረፉ፡ ዋስዕ ኑርኣሕመድ ኣሰረሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

በየሉል ፍጹም ተስፋጋብር ምባል ተረፊዛርሚላ ፍጹም ተስፋጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ቤተልሄም ተስፋጋብር ኣፈወርቂ ምባል ተረፉ፡ ቤተልሄም ተስፋብርሃን ኣፈወርቂ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ሓጎስ ሓደገ ዓንደብርሃን፡ ብዓልቲ ቤተይ ሓዳስ ወልደጊዮርጊስ መሓሪ ስለዝዐረፈት፡ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣዳሉስ እዮብ፡ ኣደይ ትዕበ ኣብርሃ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ማና ኣማረ በየኑ ስም ኣደይ ጉትት ኤፍሬም ኣብርሃም ምባል ተረፉ፡ ጉትት ገብረትንሳኤ ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ብርሃነ ፍስሃየ ተስፋም፡ ኣደይ ሂወት ተኽለ ንጉሰ ስለዝዐረፈት፣ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዛይድ ወልዳይ ሰለሙን፡ ሓወይ ክብሮም ወልዳይ ሰለሙን ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ክብሮም ጊላይ ሃብተስላሴ፡ ኣደይ ሓዳስ ገብረልኡል ገብረሚካኤል ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ዳንኤል ዘኮርያስ የሴፍ ምባል ተረፉ፡ ዳኒ ዘኮርያስ የሴፍ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ መብራት መብራህቱ ኣባይ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለ ማሞ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ነጋ ተስፋሥላሴ ወንዳፍራሽ፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣስቴር ኣፍወርቂ ንጉሰ ስለዝዐረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ሃብቲት ኣረፈ ምባል ተረፉ፡ ሃብታት ኣረፈ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8 መጋባእያ ይቕረብ።

ከዲጃ ዓብደልቃደር መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ከዲጃ ዓብደልቃደር መሓመድብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ገብራይ ሰለሙን ተስፋይ ምባል ተረፉ፡ ማርዳካይ ሰለሙን ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8 መጋባእያ ይቕረብ።

ዳዊት ገብረመስቀል ገብረጊዮርጊስ፡ ኣደይ ኣዘዘሽ ወልደገርግሽ ገብረሄት ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ናዝሬት ተኽለ ዓጽመገርግሹ ወለደና ተኽለ ዓጽመገርግሽ ተከኤን ኣሰኩሉ ገብረሂወትን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰገን ያይንሽት ዘርኡ ምባል ተረፉ፡ ሰገን ኣብርሃም ዘርኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7 መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ፈቨን መብራህቱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣቤል ቅዱሱ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

ማክዳ ተኽለ ያቆብ፡ ተጸዋዒ ሂርባል ተስፋይ ገብረስላሴ፡ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ሞዝቲት ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ይቃየድ ስለ ዘሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

ተጸዋዒ ኣቤል ተስፋኣለም ተኸሳሲ፡ ብኣመልካቲት ኒያት ገብረመድህን ወልደጊዮርጊስ፡ ንጉዳይ ሞዝቲት ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

ብፍ/በ/መሳል እንግዳ በርሀ ነጋሲ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ሂወት እሴት ሓድጉ፡ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ፈጻሚ ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ይቃየድ ስለ ዘሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

ከሳሲ የናስ ተኽለሃይማኖት ሃይለሚካኤል፡ ተኸሰስቲ 1.ሄለን ተኽለ 2.ራይሞን ኢዮብ ኣሕፈሮም 3.ሚሮን ኢዮብ ኣሕፈሮም 4.ዮራን ኢዮብ ኣሕፈሮም 5.ኤልዳና ኢዮብ ኣሕፈሮም፣ ኣብ ልዕሌኹም ክሲ ተመስሪቱ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

ተኸሰስቲ ሰረከ ተስፋሚካኤል ተኽለኣብ፡ ሊድያ ኣብራሃም፡ ሕርይቲ ዑቕባይ በየኑ ብሽሳሲ ፍጻመ ገብረመድህን ጎይትኦም ኣንጻርኩም ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

ዳኒኤል ተስፋይ ሃይለሚካኤል፡ ትካል ኢንትሩ ማይኒንግ ኤንድ ትሬዲንግ፡ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ይቃየድ ስለ ዘሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረብ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ክፍለጥ።

ሄራን ተወልደ ገብረስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ሳሙኤል ገብረ ተኽለ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ትብርህ ገብረ ዑቕባጋብር፡ ስም ኣደይ ትብለጽ ወልደኪዳን ምባል ተረፉ፡ ቃሉ ተኽሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን 24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብርኽቲ ገብረእግዚኣብሄር ሞሳዘጊ፡ ብዓል ቤተይ የውሃንስ ወልደማርያም ግርማይ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሄራን ስብሃቱ የማነ ምባል ተረፉ፡ ሄራን ኣፈወርቂ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን12/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋኣለም በራኺ ገብረስላሴ፡ ኣቦና በራኺ ገብረስላሴ ባይሮኡ ስለዝዐረፈ፡ ንኣዴና ወ/ሮ ኣስመረት ጻድቕ ፍስሃ ናይ መጸምዲ ማሰለ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣማኑኤል ገብረመስቀል ግርማይ ምባል ተረፉ፡ ኣማኑኤል ግርማይ ገብረመስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን12/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ለተሚካኤል ሃይለ ሓጎስ፡ ሓወይ ተስፋይ ሃይለ ሓጎስ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ 9 ደቂ መውትቲ ኣሕዋተይን ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዳዊት ተወልደመድህን ተስፋይ፡ ሓወይ ረዘነ ተወልደመድህን ተስፋይ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰናይት ይሕደጉ ሃይሉ፡ ብዓል ቤተይ ዳኒኤል ገብረመስቀል ወልደጋብር ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን24/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ጥዑም ዓብደልቃደር ዳዊት ምባል ተረፉ፡ ጥዑም ዓብደልቃደር ዳውድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣነ ወ/ሮ ቅድስቲ ግርማጽዮን መዝሙ፡ ናይ ብ/ቤተይ ነፍ/ር ያየ ዑቕባዝጊ ተኽለኣብ፡ ናይ ሓብር ንብረትና ዝኾነ ገዛ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 3 ንኡስ ዞባ 05 ከባቢ ቀሓውታ ጎደና 105 ቁ.90 ኖታ 69 ፓርሰል L ኣብ 250 ት/ሜ ዝተደኮነ፡ ብኮምሽን ኣባይቲ ምስክር ዋንነት መለለዪ ቁ.181269 መወከሲ ቁጽሪ 139385 ብስሙ ዝተረጋገጸ ናብ ስመይን 7 ወረስቲ ደቐን ክመሓላለፈለይ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ቅድስቲ ግርማጽዮን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ዑቕበት ገብረስላሴ መሸሻ፡ ሓፍተይ ሓጀር ገብረስላሴ መሸሻ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ህሉዋት ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣስቴር ኣርኣያ ስብሓቱ፡ ብዓል ቤተይ ኣርኣያ ወልደገብርኤል ሰቁር ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ደሃብ ኣስገዶም ምግባል ተሪፉ፡ ራሄል ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደባርዋ

1.ኣቶ ኣለም መተሃን ወልደየሃንስ 2. ኣለም መተሃን ወልደየሃንስ 3. ወረ/ፍ ወ/ሮ ወዘሸ መተሃን ወልደየሃንስ፣ ኣብ ሽከቲ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ዘሎ ገዛ ናይ ኣቦና ነ/ሄ መተሃን ወልደየሃንስ ምኻኑ ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሓዋ ሳልሕ ኣሕመድ ምግባል ተሪፉ፡ ሓዋ ሳልሕ ሖመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

መንሱራ ሻግራይ መሓመድዓሊ ምግባል ተሪፉ፡ መንሱራ ፊረጅ መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣኽየር መሓመድ ዑመር ምግባል ተሪፉ፡ ኣኽየር መሓመድዑመር ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብርሃጽዮን ናኖም ብርሃ፡ ስም ኣደይ ብርኽቲ ሃብቱ ማና ምግባል ተሪፉ፡ ብርኽቲ ሃብተስላሴ ማና ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዘቢብ ሰለሞን ተስፋይ፡ ወደይ ናህ ማሪቆስ የውሃንስ ስለዝተሰወኦ፡ ኣነ ኣዲኡ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤፍ/ ይቕረብ፡፡

ኣስመረት ኣስገዶም ፍቓዱ፡ ስም ኣደይ ኩብሮት ዑቅባሚካኤል ወልደገብርኤል ምግባል ተሪፉ፡ ከበደሽ ዑቅባሚካኤል ወልደገብርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓሪ ወልዳይ ኣድሓና፡ ሓፍተይ ጥምቀቱ ወልዳይ ኣድሓና ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ጥራይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

መሓመድእድሪስ ኣደም ምግባል ተሪፉ፡ እድሪስ ኣደም እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ካሳሱም እድሪስ ኣደም ምግባል ተሪፉ፡ ኣምና እድሪስ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓብደላ መ/ድ ጅምዕ መ/ድ ምግባል ተሪፉ፡ ዓብደላሂ መ/ድ ጅምዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ካልድ ኢብራሂም ዓዱ ምግባል ተሪፉ፡ ካልድ ኢብራሂም መ/ድ ዓዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዑስማን ኢብራሂም ዓዱ ምግባል ተሪፉ፡ ዑስማን ኢብራሂም መ/ድ ዓዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ሓቢብ ዓሪብይ የሕመድ ረታ ምግባል ተሪፉ፡ ሓቢብ ዓረቢ ኣሕመድ ረታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓብዱ መሓመድኑር ማሕሙድ መሳ ምግባል ተሪፉ፡ ዓብዱራሕማን ዓሊ ማሕሙድ መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ድማ ሳዕድያ ሃብቱ ፍዝጋ ምግባል ተሪፉ፡ ከድጃ ኣደም ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

እድሪስ መሓመድ ሰፍፍ ምግባል ተሪፉ፡ ዑስማን መሓመድ ሰፍፍ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጣህር መሓመድ ሙሳ፡ ስም ኣደይ ዓራፍ ሓምድ ሽለል ምግባል ተሪፉ፡ ሓጃ ሓምድ ሽለል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰድያይ ሁመድ መሓመድ፡ ስም ኣደይ ኣምና ሁመድ ብለይ ምግባል ተሪፉ፡ ኣምና ሰድያይ ሁመድ ብለይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓብደልቃድር መሳ ዓብደራሕማን፡ ስም ኣደይ ኣሸክ መሓመድ ኣለቡት ምግባል ተሪፉ፡ ዓሻ መሓመድ ሁመድ ኣለቡት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣሕመድ ኣደም ሁመድ፡ ስም ኣደይ ፋጥና ጠየለም ኣደም ምግባል ተሪፉ፡ ፋጥና ኣደም ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሕሴን ዓሊ ሳልሕ፡ ስም ኣደይ ሓጃ ሓምደ መሓመድ ምግባል ተሪፉ፡ ኣምና ዑስማን ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምሕረት ሰዩም ነጋሽ፡ ስም ት/ዕድመ ወደይ መሸም ዑስማን ሲዒድ እድሪስ ምግባል ተሪፉ፡ መሓድ መሓመድ ዑስማን ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ዓሊ ዓብደላ ማሕሙድ ምግባል ተሪፉ፡ ዓሊ ዓብደላ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኣሰየ ምናስ መሳዝጊ ምግባል ተሪፉ፡ ኤልሳ ቀሺ ምናስ መሳዝጊ ሃብተሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ወ/ሮ ጉዑ ሃይለ ዑቕባልደት (ወከል) ዝተፈቕደለን ናይ ኮምፒተር ፕሮግራም ምጽዓንን ምጽጋንን ኣገልግሎት ንግዳዊ ትካለን "ልምዓት ኣገልግሎት ምጽዓን ፕሮግራምን ምጽጋንን ኮምፒተር" 'LMEAT COMPUTER MAINTENANCE &PROGRAMMING) ተባሂሉ ክስየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምንምዝገብ ኣፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣቶ መሓመድ ኣሕመድ ማሕሙድ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ቤት መግቢ ንግዳዊ ትካሎም፡ "ድርፎ ቤት መግቢ' (DRFO RESTAURANT) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተተ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምንምዝገብ ኣፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣቶ ሙሴ ጎይትኦም ሓይልኣብ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ መሸጥን መዕረይን መጽር ዓይኒ ንግዳዊ ትካሎም፡ "ኣፍሪቃ መጽር ዓይኒ' (AFRICA OPTICAL CENTER) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተተ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምንምዝገብ ኣፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣቶ ሃይለ ገብረሚካኤል ዑቕባሚካኤል፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ምጽራይን ምስላጥን ንግዳዊ ትካሎም፡ "ዘመን ምጽራይን ምስላጥን' (ZEMEN CLEARING&FORWARDING) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተተ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምንምዝገብ ኣፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ብስም ነፍ/ሃብትኣብ ርእሶም ወልደኣብ፡ ኣብ ን/ዞባ ኣጥሻውል ምምሕዳር ከባቢ ማእከላይ ሰፈር ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ውዕል 0223/2005 ጠቕላላ ስፍሓቱ፡ 140.90 ት/ሜ ብመለለይ መሬት፡ ASP00014080 መለለይ ገዛ ASD00015511 ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ ደኩመንት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበልዕ እንተሎ፡ ብቑጽሪ ሞባይል 07636344 ወይ 07508586 ደዊሉ ክሕብረኒ ኣሓትት፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ መተካእታኡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ክሓትት ምኻነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ሰምሃር ክፍላይ መሓሪ

ምምሕዳር ህጻን ሳብሪና ሃብተኣብ

# ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ፡ ተመሃሮኣ ኣመሪቓ

የናታን የዕበዮ
ኣገ/ዜናን/ዞባ/ማእከል
ሰእሊ፦ ርቤል መረስዕ



ትምህርቲ መሰረት ኩሉ ምዕባለ'ዩ፡፡ ማሕበረ ቁጠባዊ ዕቤት ስድራቤታትን ውልቀ ሰባትን ኣብ ምዕባይ ብዙጻወቶ ደራኺ ተራ ድማ ቀዳምነት ናይ ቀዳምነት ይስርሖ፡፡ ሃገራት፡ ኑቲ ዘለወን ጸጋታት ዓቕሚ ሰብ ብትምህርትን ሞያን ንምስልጣን ዝጽዕታ ከኣ በዚ ምኽንያት እየን፡፡

ኣብ ሃገርና'ውን ትምህርቲ መሰረት ኩሉ ቀጸላታት ምዕባለ ምኻኑ ተኣሚኑሉ ዝሰርሓሉ ዘሎ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ እዚ ዝሓለፈ ዓመታት ዓቢ ዓወት ተሓፊሱሉ እዩ፡፡

እቲ ኣብ ኩሉ ቦታታት ሃገር ተዘርጊሑ ዝርከብ ካብ ቅድመ ትምህርቲ ክሳብ ኮሌጃት ዝቕጽል ኣካዳምያዊ ትምህርቲ፡ ከም'ኡ'ውን በበጽዋኡ ዝወሃብ ሞያዊ



ላሚክ ተኽለ



ናትናኤል የሴፍ



ፋጥማ መሓመድ ያሲን



ያድኤል ብስራት

ስልጠናታት፡ ወጽኢት ናይቲ ዝሰላሰል ዘሎ ትምህርታዊ ወፍሪ እዩ፡፡

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጸጸራት ተደኲና ትርከብ ብ1954 ዝተመስረተት ቤት ትምህርቲ ስነኪነት ኣስመራ፡ ኣብ ታሪኽ ኪነታዊ ትምህርቲ ሃገርና መወከሲ ክኾና ካብ ዘኽእላ ካብ ቀዳሞት ትካላት ትምህርቲ ሃገርና ሓንቲ እያ፡፡

ካብ ግዜ ምስረታኣ ክሳብ መፋርቕ 60ታት፡ ምስቲ ዝጀመረትሉ ፕሮጀክት ብዝተኣሳሰር "ፖይንት ፎር" ተባሂላ ትጽዋዕ ነይራ፡፡ ድሕሪ ኽዮጣ ኢትዮጵያ ድማ፡ "ተግባረ-ኢድ" ተባሂላ በቲ መግዛእታዊ ስርዓት ተጸዊዓ፡፡

ድሕሪ ስዕረት ጉጅለ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ልኡላዊት ሃገረ ኤርትራ ከኣ፡ "ቤት ትምህርቲ ስነኪነት ኣስመራ" ተባሂላ እናተጸውዐት፡ ሞያዊ ዓቕሚ ሃገር ኣብ ምስሳን ትተግብር ኣላ፡፡

ኣብዚም ዝተጠቕሱ ሰለስተ መድረኻት፡ መጸውዒ ኣስማት'ኳ እንተተቐያየረ፡ ዕላማ ተልእኾኣ ግን ሞያውያን ምፍራይ'ዩ፡፡ እቲ ፍልልዩ፡ ብቑጽሪ ክንደይ ዝኣኽሉ ደስልጥኑ፡ ድሕሪ ስልጠና ንመንን ጽናይ ዕላማን ከገልግሉ ይኽእሉ፡ ኣብ ዝብል ዘተኮረ እዩ፡፡

ቤት ትምህርቲ ስነኪነት ኣስመራ፡ ኣብ ናይ ፈለማ ቀዳሞት መድረኻት ኣገልግሎታ ዘፍረየቶም ሞያውያን ዝበዝሑ ኤርትራውያን'ኳ እንተ ነበሩ፡ ብቑጽሪ ውሑዳት ዘይኮኑ ኢትዮጵያውያን'ውን ካብ ኣዲስ ኣበባን ካልእን እናመጽኡ ይመሃሩላ ነይሮም እዮም፡፡ ብዙሓት ካብቶም ቀዳሞት ሞያውያን ፍርያት ተመሃሮኣ ዝኾኑ ኤርትራውያን ድማ፡ ሃገራዊ ንቕሓቶም ብምብራኽ፡ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብምስላፍ፡ ኣብ ምእላይ መግዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ዕዙዝ ኣበርክቶ ክገብሩ ክኢሎም እዮም፡፡ ገለ'ውን ብስነኪ'ቲ ዝወርዶም ዝበረ ኣደራዕ ኣብ ውሽጢ ኣስመራ፡ ጉዳይ ማእሰርትን መቕተልትን ኮይኖም እዮም፡፡

ድሕሪ ዓወት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ 1991 ከኣ፡ ኣብ ሓራን ልኡላዊትን ሃገር፡ ንሃገራዊ ህንጸት ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ሃገራዊ ራኢ መሰረት ዝገበረ ኪነታዊ ትምህርቲ ብምሃብ፡ ብዙሓት መንእሰያት ብምፍራይ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራዊ ልምዓታት ኣዋፊራን ተዋፊርን ኣላ፡፡

ቤት ትምህርቲ ስነኪነት ኣስመራ ዝሓለፈ 5 ሓምለ፡ ስነስርዓት መመረቕታ ናይ'ቶም ንክልተ ዓመት ዝመሃረቶም 39 ማእታዊት ደቀ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 136 ተመሃሮ ኣካይዳ ነይራ፡፡ እቶም ተመረቕቲ፡ ብዕረያ ማኪና፡ ስነህንጻ፡ ኤሌክትሮኒካዊ ዕዮ፡ ስርሓት ዕንጸይቲ፡ ጽርበት ሓጺንን ኤሌክትሪሲቲን ዝተማህሩ እዮም ነይሮም፡፡

ኣብ'ቲ ዝተኻየደ ስነስርዓት መመረቕታ፡ ርእሰ መምህር ቤት ትምህርቲ ስነኪነት ኣስመራ መምህር ሰመረ ወረደ ኣብ ዘስማዖ ናይ መኽፈቲ ቃሉ፡ ፈለማ ንወለዲ ተመረቕቲ ተመሃሮ እንቋዕ ፍረ-ጻማኹም ክትሓፍሱ ኣብቃዓኩም ድሕሪ ምባል፡ ቤት ትምህርቲ ስነኪነት ኣስመራ ንጹር ዕላማን ራእይን ሒዛ ስለ ዝተበገሰት ኣብ ዝሓለፈ 72 ዓመት ጉዕዞኣ ብኣካዳሚያዊ ሞያውን ቴክኒካውን ትምህርቶም ጹብሉል ዝበሉ ተመሃሮ እናኸሰሰት ከተምህርን ከተመርቕን ምጽናሓ ገሊጹ፡፡ ሎሚ ዓመት'ውን ንመበል 65 ግዜኣ ብሸዱሽተ ዓይነት ትምህርቲ ከተመርቕ ከም ዝበቕዐት ኣፍሊጡ፡፡

መምህር ሰመረ ወሲኹ፡ ተመረቕቲ ክንጽ ዝወሰዱዎ ሞያውን ኣካዳምያውን ትምህርቲ፡ ንቕጻሊ ዝኸናም ልምዲ ስራሕ ዘጥርዩሉ፡ ዓመታዊ መደብ ማእቶታዊ ንጥፈታት ከም ዝሰርዐሎም ገሊጹ፡፡ እዚ ከኣ፡ ናይ ስራሕ ልምዲ ከስርጹ፡ ንሓድሕዶም ናይ ምርድዳእ መንፈስ ከዕብዩ ከም ዝሕግዞም ኣረዲኡ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ከጠንኦም ብጽሪት ክሕዙ ዘኽእሎም ዝተፈላለዩ መደባት ብቤት ትምህርቲ ከም ዝሰርዓሎም ኣብሪሁ፡፡

መንግስቲ፡ ከም ኩለን ናይ ሞያ ትምህርቲ ሃገርና፡ ንቤት ትምህርቲ ስነኪነት ኣስመራ'ውን ሓይሊትን ዘመናውን ማሽናት ኣዕጢቑዋ እዩ፡፡ ኣምሳያ ናይቲ ዝዓጠቐቶ ዘመናዊ ማሽናት ከኣ፡ ኑቲ ኣብ ባይታ ዝሰላሰል ዘሎ ሞያውን ኣካዳሚያውን ትምህርቲ፡ ደራኺ ተራ ክትጻወት ከምዘኽእላ፡ መምህር ሰመረ፡ ኣብ'ቲ ናይ መመረቕታ ኢጋጣሚ ሓቢሩ፡፡

ወከል ተመረቕቲ ሉልያ ፍስሓጽዮን ብወገዱ፡ ኑቲ ዕለት ዘጸብርቕ ሓጺር ቃል ኣሰሚዓ ነይራ፡፡ ንሳ፡ "ሎሚ ዕለት ዚያዳ ካልእ መዓልታት ፍሉይ ዘብሎ፡ ብወገናን ብወገን መምህራንናን ወለድናን ዝተኻየደ ድምር ፍረ-ጻዕሪ ጻማና ንሓፍሰሉ፡ ካብ ተመሃራይ ናብ ሰራሕተኛ ንሰጋገረላ ዕዙዝቲ ዕለት'ያ" ድሕሪ ምባል፡ ተመረቕቲ ኑቲ ብዘይ ክፍሊት ብናጻ ዘምሃሮም ህዝብን መንግስትን ክኽሕሱ ድሉዋት ምዃኖም ገሊጻ፡፡

ካብ ወለዲ ተመረቕቲ፡ ነባሪ ከተማ ኣስመራ ኣቶ ተኽለ ስዩምን ነበርት ምምሕዳር ከባቢ እምባደርሆ፡ ወይዘሮ ግደይ ዳዊትን፡ ብወገኖም፡ ኣብዘ ብሰላማ እትነብር ሃገር ደቆም ብዘይ ገለ ክፍሊት ቀሲኖም ክመሃሩ ምኽኣሎም ድሕሪ ምምስጋን፡ ኩሎም ተመረቕቲ ናይ'ዚ ዕለት፡ መንግስቲ ኣብ ዝመደቦም ቦታ ስራሕ ተዋፊሮም፡ ብልዑል እምነትን ሓያል ተወፋይነትን ክሰርሑ ተላቢዮም፡፡

ወለዲ ተመረቕቲ ኣቶ መሓመድ ያሲንን ቀሺ ኣብርሃም ዘርኣብሩኽን እውን፡ ኣብ ልዕሊ ደቆም ንዓመታት ከካይድዎ ዝጸንሑ ምክትታል፡ ኣብ ፍረ ምብጻሑ ዝተሰምዖም ሓጎስ ብምግላጽ፡ ሕጂ'ውን ትምህርቲ ደረት ስለ ዘይብሉ፡ ተመረቕቲ ዓቕሞም ንምዕባይ ብኹሉ ክጽዕሩ ኣዘኻኺሮም፡፡

ልዑል ነጥቢ ብምምዝጋብ ዝተሸለመት ተመሃሪት ፋጥማ መሓመድ-ያሲን፡ ከም'ኡ'ውን ናትናኤል የሴፍ፡ ስምዒቶም ከኣፍልና ተወኪሰናዮም ነይርና፡፡ ንሳቶም፡ ኣብታ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝጸንሑሉ ክልተ ዓመት፡ ሞያን ኣካዳሚያዊ ትምህርትን ንኽቕስሙ ክግበረሎም ዝጸንሐ ሓልዮትን ፍቕርን ዕወታት ኮይኖም ክወጽኡ ከም ዝሓገዞም ገሊጾም፡፡ ትምህርቲ መሰረት ኩሉ ዓይነት ፍልጠት ደቂሰብ ምኻኑ ብምምልካት ከኣ፡ ፍልጠቶም ንምዕባይ ኣብርቲዖም ከም ዝጽዕቱ፡ ኣብ'ቲ ዝተመደቡሉ ስፍራ ኮይኖም ድማ፡ ብዓቕሞም ከም ዘበርክቱ ሓቢሮም፡፡

ብተመሳሳሊ ልዑል ነጥቢ ብምምጻእ ዝተሸለመት ዲቮራ የማ፡ ከም'ኡ'ውን ላሚክ ተኽለን ያድኤል ብስራትን ብወገኖም፡ ብሞያ ዝተሰኣየ ትምህርቲ ተኸታቲልካ ክትምረቕ ምኽኣል ካብቲ ብቐልሰ ሓሳብ ዝተሰኣየ ትምህርቲ ፍሉይ ዝበለ ምኻኑ ጠቒሶም፡ እዚ ከኣ፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወቶም ብሓፈሻ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ድማ ብፍላይ ኣብ ሕብረተሰብ መምጸተን ዝጠልቦ ኩሉ መዳያዊ ዕዮ፡ ዝዓበየ ተራ ክትጻወትን ከተበርክትን ከም ዝሕግዞ ኣገንዚቦም፡፡ ንሳቶም ድማ፡ ግብራዊ ስራሕ ክዮሙሉ ዘኽእሎም ሞያ ቀሲሞም ስለ ዘለው፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ምስ ተዋፈሩ፡ ዕዙዝ ኣበርክቶ ከም ዝህልዎም ገሊጾም፡፡

ኣብ መወዳእታ ናይ'ቲ መደብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን፡ ኣቶ ተስፋይ ስዩም እውን ኑቲ ዕለት ዘንጸብርቕ ቃል ኣሰሚዑ ነይሩ፡፡ ኣቶ ተስፋይ፡ ኣብ ዘሰማዖ ቃሉ፡ ተመረቕቲ፡ ዓለምና ብዝተፈላለየ ቴክኒካዊ ምዕባለ ኣብ ትሕጻበሉ ግዜ ይምረቑ ከም ዘለዉ ተገንዚቦም፡ ኣብ ዝቕጽል ሂወቶም ብንዑበን ብተመኩሮ ስራሕን፡ ዓቕሞም ክድልቡ ኣዘኻኺሩ፡፡ መንግስቲ'ውን ነዚ ሓቂ'ዚ ተገንዚቡ፡ ኑቲ ቤት ትምህርቲ ብኹሉ መዳይ ዘመናዊ ማሽናት ከም ዝዓጠቐ ከም ዝገበሮ ብምግላጽ፡ ዝምረቑ ዘለዉ ተማሃሮ ተረባሕቲ ናይ'ዚ ምኻኖም ኣብሪሁ፡፡ ንወለድን መምህራንን'ውን ስለ'ቲ ኣብ'ዞም ተመረቕቲ ዘካይድዎ ዘይሕለል ጻዕሪ ምስጋኑ ኣቕሪቡ፡፡

ኣብቲ ዕለት፡ ካብ ኻፍሲ-ወከፍ ክፍሊታት ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ፡ ብልጹ ነጥቢ ብምምጻእ ትምህርቶም ዝዛዘሙ ሰለስተ ተመሃሮ ሽልማት ክዕደሉ ከለዉ፡ ኑቲ መዓልቲ ዝወቅል ዝተዳለወ ዝተፈላለየ ስነጥበባዊ መሰናድኣታት'ውን፡ ኣካል ናይ'ቲ መደብ ብምኻኑ ፍሉይ ደምቀትን ታሕጓሸን ፈጢሩ ወዲሉ፡፡

ቤት ትምህርቲ ስነኪነት ኣስመራ ካብ ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመታት እናኣምሃረት ንዊሒ ዓመታት ብደረጃ ዲፕሎማ ክተመርቕ ጸኒሓ እያ፡፡ ድሕሪ ግን፡ ማእከላይ ገምጋም ወጽኢቶን ልዕለኡን ዘለዎም ናይ 10ይ ክፍሊ ተማሃሮ ብምቕባል፡ ናይ ክልተ ዓመታት ስሩዕ ቴክኒካውን ኣካዳምያውን ትምህርቲ ብምሃብ ተመርቕ ኣላ፡፡ እተህቦም ዓውደ ሞያታት ከኣ፡ ብዘየሓዜኡ ኣብ ዝግበር ገምጋም ስለውጥታት እናተገበረሎም እዮም ዝኸዱ፡፡

ቤት ትምህርቲ ስነኪነት ኣስመራ፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ነዚም ሎሚ ዓመት ተመረቕቶም ዘለዉ 53 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 136 ተመረቕቲ ደሚርካ፡ ልዕሊ 8 ሽሕ ሞያውያን ብዲፕሎማን ሰርቲፊኬትን ኣመሪቓ ኣብ ስራሕ ዓለም ከም ዘዋፈረት ሰነዳት ይሕብሩ፡፡

ቤት ትምህርቲ ስነኪነት ኣስመራ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ብቑዕ መምህረ ንዋትን እኹል ዓቕሚ ሰብን ዓጢቓ፡ ተልእኾኣ ብዓወት ንምዝዛም ትግስገስ ኣላ፡፡



መም/ ሰመረ ወረደ



ቀሺ ኣብርሃም ዘርኣብሩኽ



ኣቶ መሓመድ ያሲን



ወ/ሮ ግደይ ዳዊት

ሪፖርታዥ

# ፈስቲቫል ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን

ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ጀርመን ”ጽንዓትና ዋሕስና“ ኣብ ትሕተ ዝብል ቴማ፡ ኣብ ከተማ ሆፍሃይም ከቢ. ፍራንክፈርት ተኻዪዱ። እቲ ኣብ ጀርመን ንመበል 29 ግዜኡ ዝተኻየደ ፈስቲቫል፡ ኣምባሳደር ዶ/ር ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ የውሃንስ ወልዱን፡ ካልኦት ሓለፍቲ ግንባርን ውዱባትትን ኣብ ዝተረኽብሉ ተኸፊቱ።

ኑቲ ስነስርዓት መኽፈቲ፡ ኣዴታት፡ መንእሰያትን ቈልዑን ብዕልልታን ጨብጨብን ኣድሚቖሞ። ጉጅለ ህጻናትን ተመሃሮ ቛንቋ ኣደን ናይ ዝተፈለለዩ ከተማታት፡ ናይ ትሸዓተ ብሄራት ባህሊ ምርኢት ኣቕሪቦም። ተሳተፍቲ ናብቲ ንታሪኻዊ ቃልስናን ባህላዊ ምስልናን ብዘውክል ጭርሖታትን ጥንዴራታትን ዝወቀበ ኣዳራሽ ፈስቲቫል (ሳዋ) ድሕሪ ምእታው፡ ብዘኽሪ ሰማእታትን ሃገራዊ መዝሙርን ፈስቲቫል ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን ብወግዒ ተኸፊቱ።

ኣቦ መንበር ሽማግለ ፈስቲቫል ኣቶ ሓደሽ ጎይትኦም መኽፈቲ ቃል ድሕሪ ምስማዑ፡ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት፡ ኣቶ ጠዓመ ሃይለ ኑቲ በዓል ዝምልከት ሕጻር ዝበለ መደረ ኣቕሪቡ። ኣቦ መንበር ማሕበረኮማት ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ የውሃንስ ርእሶምʼውን ኣብቲ ኣጋጣሚ ቃል ኣሰሚዖ።

ህጻናት ጉጅለ ሕድሪ፡ ብናይ ስሑ ጥበበኛ ተስፋይ መሓሪ ፍሒራ ደርፌ ዝተሰነየ ድሙቕ ባህላዊ ምርኢት ምስ ኣቕረቡ፡ ብዕዱማት ኣጋይሽ ሻምፓኝ ተኸፊቱ፡ ሕብስቲ ድማ ተቘሪሱ።

ኣብ መደብ ህዝባውን ዲፕሎማስያዊን ድማ ዕዱማት ወጻኢተኛታት መሓዙት ኤርትራ፡ ከምኡʼውን ብርክት ዝበሉ ወከልቲ ዝተፈላለዩ ሃገራትን ማሕበራትን፡ ኣብ መድረኽ ወጺኦም ኑቲ ኣብ ሓቂን ፍትሕን ዝተመርኰሰ መትከል መንግስቲ ኤርትራ ዘለዎም ደገፍ ገሊጾም።

ሓደ ካብቶም ቃሎም ዘሰምዑ ኣቶ ማርቲን ሲመርማንን ኣሊ. ፎልመር፡ ምስ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዘለዎ ምሕዝነትን ደገፍን ድማ ኣረጋጊጹ።

ድሕሪዚ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ የውሃንስ ወልዱ ሕጻር ዝበለ መግለጺ ሂቡ።

ሰዒቡ፡ እቲ ተሳተፍቲ ፈስትቫል ብሃንቀውታ ዝጸበይዎ ምስ መራሕቶም ተራኺቦም እሂን ምሂን ዝበሃሉሉ ሰሚናር

ብኣምባሳደር ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ እዩ ተኻዪዱ። ኸሉ፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ብዝጻዕቀት ንዝቶዩዱ እኒይ ተዅሳትን ውዳታትን ክብደሆ ኣዘኻኺሩ።

ብዘወሰኸ፡

ህንጸት ሃገር ንምድንፋዕ፡ ተሳትፎ ኩለን ሃገራውያን ውዳባት

ክዓዝዘ ሓላፍትት ነፍስ ወከፍ ዜጋ ምኻኑ ኣሰሚሩሉ።

ኣብ ኣደራሽ ቁሸት ህጻናት፡ ንባሲ. ህዝቢ. ኤርትራ ዘንጸባርቑ መደባት መሰጦቲ ነይሮም።

ኣብቶም ተቐቢልቲ ሕድሪ ህጻናትን መንእሰያትን ዘሸርዕ ኤርትራዊ መንነት ኣብ ምውርራስ ኣዕጋቢ. ስራሕ ከም እተሰርሐ ዘጸርፍ ግጥምታትን ታሪኽ ኤርትራ ዝገልጽ መዛሙርን ብህጻናት ቀሪቡ።

ዘይሕለላ ጽንዓት፡ ጻህዐን ዘጽንዓ መተካእውያን ኣዴታትን መንእሰያትን ኣቦላት ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ ጀርመን (ሃግደፈ ጨንፈር ጀርመን) ብወዘነ፡ ከምቲ ልሙድ ዝተፈላለዩ መግቢ፡ ማስ ብብርኡ ባህላዊ ቡን ብምቕራብ ንጋዳያን ፈስቲቫል ከኣንግዳ ወዓለን።

ኣብ ኣደራሽ ሳዋ፡ ካብ ኤርትራ ዝመጸት ጉጅለ ባህሊ፡ ንሓድነትን ፍቕርን ህዝቢ. ኤርትራ ዘኵልሕ፡ ንሃገራዊ ወኒ ተሳተፍቲ ዘቕስቅስ ደርፍታት ኣቕሪባ፡ ፈስቲቫል ኤርትራ ብፍላይ ኣብ ደገ፡ ማሰረት ታሪኽናን ባህልናን ሓድነትናን ጽንዓትን ዘንጸባርቕ ኮይኑ፡ ምስ መንግስትናን ህዝብናን ዘራኽብ ዓቢ. ድልድል እዩ።

ጽንዓትን መኸተን ህዝቢ. ኤርትራ ካብ ጥንቲ እናተወራረሰ ዝመጸ እዩ። ፈስቲቫላትና ድማ ንመንእሰያት ደቅና ባህሎም፡ መንነቶም፡ ጽንዓቶምን ሃገራውነቶምን ዝወርሰሉ መድረኽ እዩ። ብዙሓት ራእይን ተስፋን ሃገርም ዝኾኑ መንእሰያት ብዝተፈላለዩ ዓውደ ትምህርቲ ትምህርቶም ዛዚሞም ኣብʼቲ ፈስቲቫል ኣብ ቅድሚ ወለዶምን ነጋድያን ፈስቲቫልን ብደምቀት ተመሪቖም።

ኣብቲ ፈስቲቫል፡ ንህንጸት ሃገር ዝገልጽን ንመንእሰያት ሓላፍነት ዘሰክም ዝተፈላለዩ መዛሪ መጽናዕታዊ ጽሑፋትን ግጥምን፡ ከምኡʼውን ናይ ስነ/ጽሑፍ ውድድር ተኻዪዱ። ዝተዓወቱ ድማ ሽልማት ተዓዲሎም። ኣብ ኣደራሽ መንእሰያት ድማ፡ ንባህሊ፡ መንነትን ታሪኽን ህዝቢ. ኤርትራ ዝገልጽ ዘተ ተኻዪዱ። ብቡቲ ዝተማህርዎ ሃገርና ዘዘኻኽር ሰፊሕ መግለጺ. ድሕሪ ምሃብ፡ ንዝቐረበሉ ሕቶታት

መለሱ። ቀጺሉ ክቡር ኣምባሳደር ኣብ ወሽጥን ወጻኢን ዝርከብ ህዝቢ፡ ከምወትሩ ሰጠም ሓድነቱ ዓቂቡ፡ ዓውዲ ኣብ ሃገርም ከይዶም ከገልግሉ ድማ ባይታ ተጸፊሉም ከምዝሎ ተሓቢሩ። ብዙሓት መንእሰያት እውን ኑቲ ዝቐረበ ሓሳብ ሓንኳይ ኣሎም ተቐቢሎሞ። እቶም ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነቶም ዝዓጠቑ መንእሰያት፡ ናይ ወለዶም ታሪኽ ወሪሶም፡ ተወዳቦም ኣብ ኩሉ ዕማማት ፈስቲቫል፡ ሓይሊ. ዕማም ብምቛም፡ እቲ ዝበዝሐ ንጥፈታት መደባት ፈስቲቫል ባዕላቶም ምዕማሞም ኑቲ ዓቢ. ወለዶ ተሰፋ ዝሁብ እዩ።

ናይ ሎሚዘበን ጽንብል ፈስቲቫል፡ ብሶሎʼቲ መንግስቲ ኤርትራ ክወስዶ ዝጸንሐን ዘሎን ዕውትን ኣድማዕን ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት፡ ኑቲ ዝጸንሐ ማሕንቖታት ባብ ኣርሒቑ ክበሃል ይከኣል።

ኣብቲ ናይ ክልተ መዓልቲ መደብ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን፡ ብዙሓት ኤርትራውያን ካብ ምሉእ ጀርመንን ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳን ተረኺቦም ነይሮም። ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ብጅግንነተን፡ ሰውዛተን፡ ጽፉፍ ስርሐንን ተወፋይነተን ኣብ ዓለም ኣብነት ዝኾና እየን። ከምኡ ብምኻኑ ድማ፡ ኑቲ ፈስቲቫል ክውን ንምግባር ኣቓዲመን ኩዳለዋ ቀጽየን። መንእሰያት ሃግደፈ ድማ ኣሰር ኣደታተን ብምስዓብ፡ ብማሕበር ተጠርኒፈን ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ተዋሲአን።

ዓመታዊ ፈስቲቫልና! ንሃገራዊ መኸተና ኩለዐ፡ ሓድነትና ኣትሪፉ፡ ንመንነትና ስሚ. ብርሃን ዘድመቐ ከም ምኻኑ መጠን፡ ከም ባህሊ. እናተወራረሰ ዝመጸን ዝቕጽልን ዘሎ እዩ። ኣብ ወሽጥን ወጻእን ብድምቀት ዓንበቡ፡ ዓመታዊ ተበሃጊን ተናፋቕን ሃገራዊ ንግደት እዩ። ተመኩሮና እንለዋወጠሉን ናፍቖትና እነውጽኣሉን፡ ክብርታትና ናብ ሓደሽ ወለዶ እነውርሰሉን መድረኽ ድማ እዩ። ወትሩ እናማዕበለ ዝኸይድ ሃብታም ሃገራዊ መኣዲ ብምኻኑ፡ ብዘሰፍሐ መንገዲ ክቕጽል ተሳተፍቲ ናይቲ ፈስቲቫል ርእይቶኦም ገሊጾም።

ኣወሃሃዲ ሽማግለ ፈስቲቫል፡ ኣቦላት ሓይሊ. ዕማምን ባይቶ ፈስቲቫል፡ ግዱሳት ሃገራውንያ ዜጋታትን ድማ ስለʼቲ ደኺምና ከየበሉ ኣብ ምድላዋት ናይቲ ፈስቲቫል ብምሉእ ሓላፍነትን ተገዳስነትን ዝሰርሕዎ ስራሕ ተመጒሶም። ኣብዚ ናይ ሎሚዘበን ምውህሃድ ፈስቲቫል፡ ብዝበዝሐ. ተሳታፍነት መንእሰያት ምንባሩ ፍሉይነት ነይሩዎ። እዚ ድማ ኣብ ኩሉ መዳይ ዕወት ምውርራስ ይኻየድ ከምዝሎ ዘመስክር እዩ።

ኣብቲ ፈስቲቫል፡ ካብ ኤርትራ ዝመጸት ጉጅለ ባህሊ፡ መዓልታዊ ምኡዝ ሃገራዊ ዜማታት ብምቕራብ ንተሳተፍቲ ኣዘናጊዓ። ብጀካ እዚ. ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ሃገራውያን ስነጥበበኛታት ብድራማ፡ ተዋስኦን ሃገራዊ ደርፍታትን ኑቲ ፈስቲቫል ኣማዕሪጎሞ። ተሳተፍቲ ብኹሉ እንግዶት ኣዘዮም ዕጉባት ምኻኖም ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ካብኦም ዝድለ ከምወትሩ ቅሩብነቶም ኣረጋጊጾም። እዚ መግለጺ. ኤርትራዊ ባህሊ፡ ፍቕርን ሓድነትን ዝኾነ ፈስቲቫል ክቕጽልን ብዘይሕለል ጻዕሪ ክድፍኣሉን ከምዝለዎ ደጊሞም ኣተሓሳሲቦም። ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ፈስቲቫል ድማ፡ ተሳተፍቲ መኸተኦም ከም ወትሩ ከምዝሓይሉን ኣብ ጎድኒ መንግስቶምን ህዝቦምን ኮይኖም ኣብ ህንጸት ሃገርም ብጉዝበሪ ከምዝሳተፉን ዳግም ኣረጋጊጾም።

እቲ “ጽንዓትና ዋሕስና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ኣብ ኮማዊ ዳሳት፡ ሰለስተ ኣደራሻት - ኣዳራሽ ሳዋ ፡ ደንደንን ኣዳልን ብ 11 ሓምለ ዝተኸፍተ ፈስቲቫል፡ ልዑል ሃገራዊ መንፈስ ብዘዕለሎ ሃዋህው ኣማስያኡ ብ12 ሓምለ ብዘኽሪ ሰማእታት ተዛዚሙ።

ኣወሃሃዲ ሽማግለ ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ጀርመን















# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኢራን፡ ንኣገደስቲ መስመራት ባሕሪ ከም እትዓጹ ተጠንቀቐ

ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ ንኣመሪካን መሻርኽታን ዝጠቕሙ ዝበሎም ኣገደስቲ መስመራት ባሕሪ ክዓጹ ምኻኑ ኣጠንቂቑ፡፡

ሓለዋ ሰውራ ኢራን ኣብ መጠንቀቕታኡ፡ ዝሃብ ዘሎ፡ ኢራን ንመጻብቦ ሆርሙዝ ድሕሪ ምዕጻዋን ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ወደባት ኢራን እጉዳ ድሕሪ ምግባራን እዩ፡፡

ሓለዋ ሰውራ ኢራን ኣብ መጠንቀቕታኡ፡ "ዞባዊ ሰደድ ጸዓት ወይ ንኽሉ ከም ዝዓጽሕ ይገብር፡ ወይ ከኣ ንኹሉ ይከልክል፡" ክብል ገሊጹ፡፡

ኢራን፡ ብመገዲ'ቲ ኣብ የመን ዝርከብ መሻርኽታ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ ኣቢላ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ዝኸፍቱ መጻብቦ ባብ ኤል-መንደብ ክትዓጽዎ ከም እትኽእል፡ እዚ ድማ ኣንጻር ዋሽንግተን ሓድሽ ኩናት ከም ምኽፋት ምኻኑ እዩ ምስታ ሃገር ቅርበት ዘለዎም ተንተንቲ ዘረድኡ፡፡



ጸቢብ ኂ ዘለዎ ባብ ኤል-መንደብ፡ ንቐይሕ ባሕሪ ምስ ወሽመጥ ዓደን ዘራኽብ ኮይኑ፡ ንሰደድ ዝኸይድ ኑዳዲ ስዑዲ ዓረብ ብእኡ ኣቢሉ ከም ዝሓልፍ ይግለጽ፡፡

ዝሓለፈ ሰሙን፡ ሓደ ሳዕለዋይ ብዓል ስልጣን ሑቲ፡ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ልዕሊ የመን እተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲ እንተ ቀጺላቶ፡ ሑቲ ንመጻብቦ ባብ ኤል-መንደብ ክዓጽዎ ምኻኖም ኣጠንቂቑ ምንባሩ ይዝከር፡፡

ባብ ኤል-መንደብ እንተ ተዓጽዩ፡ ዋጋ ሓደ በርሚል ነዳዲ ናብ 200 ዶላር ክብ ክብል ከም ዝኽእል ድማ፡ መርበብ ሓበሬታ 'ፕረስ ቲቪ' የመልክት፡፡

## ፍልልያት ትራምፕን ናታንያሁን ይገፍሕ ኣሎ ተባሂሉ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ንቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ሰራዊት ሃገሩ ካብ ሶርያ ንኽወጽእ ጸቒጢ ከም ዝገበረሉ፡ መርበብ ሓበሬታ 'ኣክሲዮስ' ንሱብ መዚ ኣመሪካን እስራኤልን ብምጥቃስ ሓቢሩ፡፡

እቲ መርበብ ሓበሬታ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም መራሕቲ ዘሎ ፍልልይ እናገፍሐ ይኸይድ ከም ዘሎ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ወላኳ ፕረዚደንት ትራምፕ እስራኤል ኣብ ደቡብ ሶርያ ተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ወፍሪ ደው ንኽተብሎ ጸቒጢ እንተ ገበረ፡ መንግስቲ ናታንያሁ ግና ንዚይተወሰነ እዋን ክቕጽሎ ወሲኑ ምህላዉ ኣመልኪቱ፡፡



ብመሰረት እቲ መርበብ ሓበሬታ፡ ትራምፕ ዝሓለፈ ሓሙስ ብቴሌፎን ምስ ናታንያሁ ዝርርብ ኣብ ዘካየደሉ፡ "ሶርያውያን ኣብ መሬቶም ክትህሉ ኣይደልዩኻን'ዮም፡፡ ስለዚ ሰራዊትካ ክትወጽእ ኣለካ፡" ክብል ኣተሓሳሲቡ ነይሩ፡፡

ምምሕዳር ትራምፕ፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሶርያን ሓድሽ ናይ ጸጥታ ስምምዓት ንምኽያድ፡ ካብ ቀድሚ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዙ ክሰርሓሉ ምጽንሑ እዩ ዝግለጽ፡፡

እስራኤል፡ ወተሃደራታ ናብ ደቡብ ሶርያን ሊባኖስን ዘዋፈረትሉ ምኽንያት፡ ስግረ ዶባዊ መጥቃዕትታት ንምክልኻል ምኻኑ እያ ትገልጽ፡፡

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እስራኤል ኣብ ሊባኖስ ንእተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲ ብተደጋጋሚ ክሸቕፎ ምጽንሑ ዝፍለጥ እዩ፡፡

## ህንድን ሩስያን፡ ንግዳዊ ስምምዕ ንምኽታም ይዳለዋ

ህንድን ሩስያን ኣብ መንጎአን ዘሎ መጠን ንግዳዊ ልውውጥ ናብ 100 ቢልዮን ዶላር ክብ ንምባል ስጉምትታት ኣብ ዝወስዳሉ ዘለዋ እዋን፡ ብሚያዊ መስመር ኣርክቲክ ዝኾነር ምጉዕዓዝ ንግዳዊ ጽዕነት ንምቅልጣፍ ስምምዕ ክኽትማ ምኻነን ኣፍሊጠን፡፡

ቀዳማይ ሚኒስተር ሩስያ ሚካኤል ሚሹስቲን፡ ትካል ኑክሌራዊ ጸዓት ሩስያ (ሮዛቶም)፡ ኣብ ሚያዊ መስመር ሰሜናዊ ባሕሪ ኣብ መጉዓዝያ ጽዕነት ባሕሪ



ምትሕግጋዝ ንምምዕባል ዘቕረቦ እማመ ከም ዝጸደቐ ገሊጹ፡፡

ሚያዊ መስመር ኣርክቲክ፡ ህንዲ ኣቑሑት ናብ ዕዳጋታት ምብራቓውን ሰሜናውን ኤውሮጳ ንኸተልእኽ ኣማራጺ ዝሃብ መተሓላለፊ ኮይኑ፡ ምስቲ ብመትረብ ስወዝ ኣቢሉ ዝሓልፍ ልሙድ መስመር መጉዓዝያ ክነጻጸር እንከሎ፡ ርሕቀቱ ብኣሰታት 40 ሚእታዊት ዝሓጸረ፡ ንመራኽብ ዝወስደለን ዝበረ ግዜ ድማ ብኽልተ ሰሙን ክንክይ ምኻኑ እዩም ሱብ መዚ ክልቲአን ሃገራት ዝገልጹ፡፡

ውዕል መስመር ኣርክቲክ፡ ነቲ ሩስያን ህንድን ኣብ 2030 ናይ 100 ቢልዮን ዶላር ንግዳዊ ልውውጥ ንኽህልዋን ዝሰርሓሉ ዘለዋ መደብ ኣብ ምዕዋት ሓጋዚ ክኾውን ከም ዝኽእል እዩ ዝሕበር፡፡

ብሰንኪ ግጭት ኢራንን ኣመሪካን እስራኤልን ጸጥታዊ ውሕስነቱ ኣንቀልቂሉ ዘሎ መጻብቦ ሆርሙዝ፡ ነታ ካብ ወጻኢ ብዝበዝሐ ነዳዲ ሸሚታ እትጥቀም ህንዲ ብኣሉታ ጸልዩዋ ከም ዘሎ እዩ መርበብ ሓበሬታ 'ረሻ ቱደይ' ዘመልክት፡፡

## ሩስያ ንዩክሬን ደብዲባ

ሩስያ፡ ኣብ ወደባት ኦዴሳን ማይኮላይቭን ናይ ዩክሬን ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ ሓያሎ ሰባት ከም ዝተቐትሉ ገሊጹ፡፡

ዩክሬን ብወገና ኣብ ልዕሊ 20 መራኽብ ሩስያ መጥቃዕቲ ሱብ ኣልቦ ነፈርቲ ከም ዘካየደት ኣፍሊጣ፡፡

ኣመሓዳሪ ዞባ ኦዴሳ፡ ኦሌህ ኪፐር ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሩስያ ኣብ ልዕሊ እቲ ዞባ ብድሮናትን ሚሳይላትን ተሓጊዛ ንሓሙሻይ መዓልቲ ዝቕጽለ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ከም ዘካየደት ኣረዲኡ፡፡

ከም ሳዕቤን ናይቲ መጥቃዕቲ፡ ትሕተ ቅርጺታት ናይታ ወደብ ይዓኑ ከም ዘለው ሓቢሩ፡፡


ሩስያ ኣብ ልዕሊ ህንጻ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ናይታ ወደብ ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ ብውሕዱ ሰለስተ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ሰለስተ ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ሱብ መዚ ናይታ ወደብ ገሊጾም፡፡

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ፡ ኣብ ወደባት ኦዴሳን ቸርናሞርስክን ዘካየዶ ዘሎ መጥቃዕትታት፡ ዩክሬን ነዳዲ ንምምኽዛንን ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ንምውንጫፍን ትጥቀመሉ እያ ንዝበሎ ትሕተ ቅርጺ ዒላማ ዝገበረ ምኻኑ ኣረዲኡ፡፡

ሩስያ፡ ካብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ጀሚራ ኣብ ልዕሊ ኣብ ጸሊም ባሕሪ ዝርከብ ወደባት ዩክሬን እተካይዶ መጥቃዕቲ ኣሐይላቶ ከም ዘላ እዩ ዝግለጽ፡፡

ኣዚዚ ድሮናት ዩክሬን ሮቦርት ብሮቭዲ ብወገኑ፡ ሃገሩ ኣብ ጸሊም ባሕሪ 17 ናይ ነዳዲ መራኽብ፡ ክልተ ናይ ጋዝ መራኽብን ሓንቲ ጃልባን ሩስያ ከም ዝሃረመት ሓቢሩ፡፡

እቲ መጥቃዕቲ፡ ፕረዚደንት ኮሚሽን ኤውሮጳ ኡርሱላ ፎን ደር ላየን ናብ ኪየቭ - ርእሰ ከተማ ዩክሬን ኣብ ዝኣተወትሉ፡ ወህደት ምክልኻል ዩክሬንን ሕብረት ኤውሮጳን ንምዕማቕ ንዘውሰድ ስጉምትታት ከተፍልጥ ምኻና ኣብ ትገልጸሉን ዘላ እዋን ይካየድ ከም ዘሎ እዩ ዝግለጽ፡፡



## ታይላንድ - ብባርዕ ሓዊ 32 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ባንኮክ - ርእሰ ከተማ ታይላንድ ኣብ ዝርከብ ሓደ መዘናግዒ ክለብ ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ፡ ዛጊት 32 ሰባት ሞይቶም ከም ዘለዉ፡ ፖሊስ ናይታ ከተማ ትማሊ ረቡዕ ሓቢሩ፡፡

ፖሊስ፡ ጠንቂ ናይቲ ሓደጋ ሽለልትነት ክኸውን ከም ዝኽእል ድሕሪ ምግላጹ፡ ብልክዕ ንምፍላጡ ተወሳኺ መርመራ ይካየደሉ ከም ዘሎ ኣረዲኡ፡፡

ሱብ መዚ ጥዕና ናይታ ሃገር፡



ቡቲ ሓደጋ ዝቖሰሉ 30 ሰባት ኣብ ትሕቲ ክንክን ሕክምና ከም ዘለዉን፡ ካብዚኣቶም እቶም 15 ኣብ ኣስካፊ ኩነታት ብምህላዎም ቁጽሪ ምዉታት ክይውሰኽ ስግኣት ከም ዘሎን ኣመልኪቶም፡፡

መንግስቲ ታይላንድ ቡቲ ትራጀድያዊ ሓደጋ ዝተሰመዖ ሓዘን ድሕሪ ምግላጹ፡ ኣብ ልዕሊ መዘናግዒ ማእከላት ጽኑዕ ክትትል ክገብር ምኻኑን፡ ኣብተን ትካላት ዘለዉ ናይ ድሕነት መሳርሒታት ውሕስነቶም ዘተኣማምን ምኻኑ ንምርግጋጽ መጽናዕትታት ከም ዘካየድን ድማ ገሊጹ፡፡

እቲ ሓደጋ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ 2009 ኣብ ከተማ ባንኮክ ኣብ ሓደ ማእከል ለይታዊ ትልሂት ዘጋጠመን ህይወት 65 ሰባት ዝለከመን ባርዕ ሓዊ፡ ካልኣይ ዝዓበየ ሓደጋ ኮይኑ ተመዝጊቡ ከም ዘሎ እዩም ጸብጻባት ዝጠቕሱ፡፡


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ሰላም | 16/07/2026 | ጎደና ሰላም ቁ.ገዛ 47 | 122350 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services